# ኣብ ድንበር ዘለል ሕማማት እንስሳት ዝጠመተ ብጉጅል ምልክታት መፍለዪ መስርሕ ማንዋል መይዳ ግልጋሎት

2ይ ሕታም










# ኣብ ድንበር ዘለል ሕማማት እንስሳት ዝጠመተ ብጉጅል ምልክታት መፍለዪ መስርሕ ማንዋል መይዳ ግልጋሎት

2ይ ሕታም

ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ናይ ምብራቕ ኣፍሪካ/ቢሮ ዓለምለኸ ሃፍቲ እንስሳት ሕብረት ኣፍሪካ (USDA-FAS/ናይ ደረጃ መስርሕን ኣሰራርሓን ፕሮጀክት ምስ ምትሕብባር ዩኒቨርሲቲ ጆርጅያ ክ/ትምህርቲ ፓቶሎጂ፣ ኣቴንስ፣ ጆርጅያ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ 30602-7388

**መሰል ዋንነት ፅሑፍ © 2015 ኣ.ፈ፡ ብዶ/ር ኮሪ ብራውን**

ISBN:

መቆፃፀሪ ቁፅሪ ተወከልቲ ቤተመፃሕፍቲ፡ 2015959451

ገፃትን መሸፈኒኡኒን እዚ መፅሓፍ ብማይ ዘይበላሸውን ብቀሊሉ ምፅራይ ዝከኣልን ኾይኑ ብዝበለፀ ብርሑስ ጨርቂ ምስተፀረገ ብንፋስ ብምንቃፅ ምፅራይ ይከኣል። ድሕሪ ምፅራይ ምእንታን ክነቕፅ ገፃት ተኸፊቶም ክፀንሑ ኣለዎም።

ሓታሚ፡

ጉጅለ ሕትመት ቦካ
200ኢ ፓልሜቶ ፓርክ መንገዲ ስዊት 103
ቦካ ራቶን፣ ኤፍ ኤል፣33432
ኢመይል: bocagroup@gmail.com

አብ ካናዳ ዝተሓተመ

## ምስጋና

ንይዚ ኣብ ድንበር ዘለል ሕማማት እንስሳት ዝጠመተ ብጉጅል ምልክታት መፍለዪ መስርሕ ማንዋል መይዳ ግልጋሎት ትርጉም ኣምሃርኛን ትግርኛን ብመከለ ዩኒቨርሰቲ እንሳሳ ሕክምና ኮሌጅ ዝተዳለወ ኮይኑ ቴክኒካዊ ሓገዝ ድማ ብዩኤስኤኣይዲ ንኤፍኤኦ-ኢክታድ ኢትዮጵያን ንግብርና እንሰሳ ሃበት ሚኒስቴር ብዝተውሃበ ሓገዝን ብተወሳኺ ነዚ ማንዋል ንምህታም ብሓገዝ mርሺ ሕብረት ኣወሮፓ (አውሮፓ ዩንየን) ንኣብ ቆላ ከባቢታት ንዘለዉ እንሰሳ መርባሕቲ ንፕሮጀክት ኤፍኤኦ ኢትዮጵያ ብዝተውሃበ ደገፍ ዝተፃሓፈ እዩ::

### ንሓተቲ

እዚ ፅሑፍ ብሓገዝ mርሺ ሕብረት ኣወሮፓ (አውሮፓ ዩንየን) ዝተሓተመ እዩ:: ኣብዚይ ዝተገለፀ ኩሉ ናይ ሕብረት ኣወሮፓ (አውሮፓ ዩንየን) ኦፊሴላዊ ሪኢቶ ተገይሩ ዝውሰደሉ ምኽንያትን ኩነታት የለን::

## ኣብ ደንበር ዘለል ሕማማት እንስሳት ዝጠመተ ብእኩብ ምልክታት መፍለዪ  መስርሕ ማንዋል መይዳ ግልጋሎት

### ብኮሪ ብራውን

### መእተዊ፡ ብኣንድሪው ክላርክ

### ተሳተፍቲ

ጀምስ ዋባቻ
ራኩዌል ሬክ
ጀራም ምግዊራ
ሊንዳ ሎጋን
ፒተር ንጅዋ
ሙሪታይ ምባቡ
ኣሉማ ኣመሪ
ሞሃመድ ሁሴን ሞሃመድ
ኖሊና ናንቲማ
ፅጌ ክፍለየሱስ
ኣማኑኤል ስዋይ
ሚካኤል ዲዮኔ
ጀፍ ኣውስቲን
ኖሀስ ኦርኪሽ

ፒተር ማይና ኢቶንዴካ
ጌታቸው ጋሪ
ጆሴፍ ሴሩጋ
ኢሳም ማጌድ
ሞሃመድ ሁሴን ዓሊ
ኢቫንስ ሙቱማ
ደቪድ ዋዌሩ
ገ/ሚካኤል ገ/ ጎጃም
ኣመሃ ሰብስቤ
ተኩሮ ኣ. ኦኩማ
ኣብዲ መሃመድ ኢልሚ
ማሀሙድ ሁሴን ጃብራ
ዘላለም ታደሰ

**ተርጎምቲ :-**
**1ይ ዶ/ር ዕፃይ ከበደ**
**2ይ ዶ/ር ኣብርሃ ብስራት**
**3ይ ዶ/ር በሪሁ ገብረኪዳን**
**4ይ ዶ/ር ነፃነት በርሀ**
**5ይ ዶ/ር ኣብርሃ ገ/መድህን**
**6ይ  ዶ/ርዮሃንስ  ተክሌ**
>>>>>
መግለፂ ግራፊክስ ብ ኢስሞንድ ቸውኬ



## ትሕዝቶ

**መእተዊ** 1

**ኣጠቓቕማ እዚ ማንዋል** 3

**ድሕንነት ህይወት እንስሳ፡** 5 ቀለልቲ ሕግጋት ጥዑይ እንስሳ 4

**ሕማማት ደርሁ**

1. ሕማምሓያል ሰዓል ኣዕዋፍ (HPAI) 7
2. ሕማም ፈንግል/ኲድም (ND) 16

**ሕማማት ሓሰማ**

3. ሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ (ASF) 25

**ሕማማት ጠለበጊዕ፡ ከፍትን መፅዓኛን ግመልን**

**(ሀ)ውፅኣት/ፅሕፃሕ/ተቕማጥ**

4.ጉልሓይ መሰል ሕማም ጠለበጊዕ (PPR) 32

**(ለ)መተንፈሲ ኣካል**

5. ሕማም ሳምቡእ ከፍቲ (CBPP) 38
6. ሕማም ሳምቡእ ጤል (CCPP) 43
7. ሕማም ረስኒ ምብራቓዊ ገማግም ባሕሪ (ECF) 48
8. ሕማም ምምላእ ማይ ልቢ (Heartwater) 52
9. ሕማም መንደፍ (AHS) 56

**ብተወሳኺ፡** ጉልሓይ መሰል ሕማም ጠለበጊዕ 32

**(ሐ) ቁስለት ኣፍን እግርን**

10. ሕማም ዕጬላም /ኣፈ መዓር (FMD) 62

**(መ) ሕማማት ቆርበት**


11. ዕንፍሪር ጠለበጊዕ (SP, GP) 69

12. ዕንፍሪር ከፍቲ (LSD) 76

13. ዕንፍሪር ግመል (CP) 80


**(ሰ) ምብርዓይ /ምውሃይ**


14. ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ (Brucellosis) 82

15. ሕማም ረስኒ ሓጓፍ ሽንጥሮ (RVF) 89


**ኣገደስትን ብተደጋጋሚ ዝረአዩን ሕማማት**


16. ሑዱር ሕማም ሳምቡእ (CRD) 95

17. ሕማም ካንሰርን ምልማስን ደርሁ (MD) 98

18. ሕማም ረኽሲ በርሳ ደርሁ (IBD) 101

19. ሕማም ዕንፍሪር ደርሁ (FP) 103

20. ሕማም ፅሕፃሕ ደርሁ (CD) 105

21. ሕማም ስልም/ስልም (ass) 107

22. ዝንጉዕ ሕማም መተንፈሲ ኣካል ግመል (CRDC) 109

23. ሽሑር ግመል (Scabies) 111

24. ሕማም ዕብደት ከልቢ (Rabies) 113


**መዘኻኸሪ፡ ኣብዚ ማንዋል ሕንፃፅ ቀይሕ ኣርባዕተ ማኣዝን ዘመላኸቶም መልዐሊ ሕማማት ከም እኒ ባክተርያ፡ ቫይረስ ወይ ድማ ኣሜባ መሰል እዩ።**











## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

# መእተዊ

ኣብ ዝኾነ ዓለም ጥዕነኦም ዝተሓለወ እንስሳትን ህዝብን ንዘላቑን ምዕቡልን ቁጠባ ዝዓበየ ግደ ኣለዎም። ኢንዱስቱሪ ሃፍቲ እንስሳ ምብራቅ ኣፍሪቃ መኣዝን እምነኹርናዕ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ እዩ። ፍርያት ሃፍቲ እንስሳት ብቁሸት ብርኪ ንረብሓ ሃናፃይ ምግብን ንትሕቲ mርፂ ኢኮኖሚ ንምምራሕ ጠቓሚ እዩ። ብሃገር ብርኪ እንትረኣይድማ እንስሳ ንሰደድ ወፃኢ ስለዝጠቅም ኣብ ኩለመዳይ ሓለዋ ጥዕና እንሳስ ምጥንኻር ወሳኒ ተራ ኣለዎ።

ድንበር ዘለል ሕማማት እንስሳት ትኹረት ዝተውሃበሎም ዋና ምኽንያት ኹሎም ዝዓበየ ቁጠባዊ ጉድኣት ካብ ምብፀሖም ንላዕሊ ብጣዕሚ ተዛመትን ተመሓላለፍትን ሕማማት እውን ብምኳኖም እዩ። ሳዕቤኖም እውን ምሕማምን ምቕታልን እንሳሳ፡ ምቕናስ ፍልፍል ፍርያት እንስሳትን እቶት መፍረይቲን ብምኳኖም እዩ። ካብዙይ ሓሊፉ ሰደድ ዓለማዊ ንግዲ ብምዕጋት ቁጠባዊ ጉድኣት ከብፅሕ ይኽእል እዩ።

ዝተወሰኑ ድንበር ዘለል ሕማማት እንስሳ ድማ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ብምምሕልላፍ ተወሳኺ ጉድኣት የብፅሑ እዮም ።

ስለዚ ሃገራዊ ግልጋሎት ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ደንበር ዘለል ንዝኾኑ ሕማማት ምክትታልን ምቁፅፃርን ቀንዲ ስርሑ ገይሩ ንክወስድ ፃዕሪ ይገብር ። እቶም ሕማማት ምድህሳስን ብግዜኡ ምፅብፃብን ድማ ግደ መንግስታትን መርባሕቲ እንስሳትን ኾይኑ ብክፍለ ኣህጉር ብርኪ ኣከዲሙ ንከይዛመቱ ብግዜኡ ንምክልኻል የኽእል። እዝይውን ናብራ ማ/ሰብ መላእ ክፍለ ኣህጉር ንቕድሚት ንክመሓየሽ ይሕግዝ ።

ኣብዚ ማንዋል ድንበር ዘለል ሕማማት ዘርዚርና ዘቕረብናዮ ብዋናነት ስዕላዊ መግለፅታቶም ብምጥቃም

## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

እዩ። ስለዝኾነ ውን ኩሉ ኣካለ ማ/ሰብ ምስ እንስሳ ርክብ ዘለዎም ሕማማት ንኽፈልን ኣብቶም ሕማማት ሜላ ኣለኣእኻ ፀብፃብ ንኽሰተፉ ዝሕግዝ እዩ።

ኣብ ማ/ሰብ ዝተሓብአ ፍልጠት ኣረባብሓን ኣተሓሕዛን እንስሳን ክምኡ ውን ሕማማት እንስሳ ከም ዘሎ ዝፍለጥ እዩ። ብምቅፃል መርባሕቲ እንስሳን ሓለውቲ እንስሳን፡ ሓረስቶትን ነጋዶን፡ ናይ ስጋ መምረቲ ኣካላትን ካልኦት እውን ሓዊሱ መነባብረኦም ምስ ሃፍቲ እንስሳ ዝትትሓሓዘ ስለ ዝኾነ ኣብ ሕማማት ምክትታልን ምፍላይን፡ ፀብፃብ ምሃብን ዓብዪ ተራ ከም ዘለዎም ርዱእ እዩ።

ብምጥቕላል እዚ ማንዋል ንተወሳኺ ፍልጠትን ሕማማት ብቐሊሉ ምፍላይን ምግላፅን ምኽኣል ብኡ ኣቢሉ ድማ ብግዜኡ ኣብ ቐረባ ንዘዉን ሃገራዊ መሓውር ሓለዋ ጥዕና እንስሳን ፀብፃብ ምልኣኽ ምእንታን ክከኣል ዝሕግዝ ስለ ዝኾነ ንክትጥቀምሉ ንላቦ ። ድንበር ዘለል ሕማማት ኣቀዲሞም ተረጋጊፆም ማለት ብቐሊሉን ብዝነኣሰ ወፃእን ምቁፅፃር ይካኣል ብኡ ኣቢሉ እውን ኩሉ ወናኒ ሃብቲ እንስሳ ተጠቃማይ ይገብር።

ቀንዲ ዕላማ ምድላው አዚ ማንዋል ኩሉ ተጠቃማይ ብሓባር ብምስራሕ ጎዳእቲ ሕማማት እንስሳ ምቁፅፃር ስለዘኽእል እዩ።

## ኣጠቓቕማ እዚ ማንዋል

ዝሓመማ ወይ ዝሞታ ደርሁ እንተሪኦም/አን ናብ **ክፍሊ ደርሁ እዚማንዋል** ይግለፁ/ፃ (ሕማማት ፈንግልን ሓያል ሰዓል ኣዕዋፍን)

ዝሓመማ ወይ ዝሞታ ሓሳማ እንተሪኦም/አን ናብ **ክፍሊ ሓሳማ እዚ ማንዋል** ይግለፁ/ፃ (ሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ)

## ክፍሊ በጊዕ፣ ጤል፣ ከፍቲ፣ መፅዓኛ ማንዋል

ውፅኣት/ተቕማጥ እንተሪኦም/አን ናብ **ጉልሓይ መሰል ጠለበጊዕ** ይግለፁ/ፃ ፡፡

ፅገማት ምትንፋስ እንተሪኦም/አን ናብ **ጉልሓይ መሰል ጠለበጊዕ፣ ሕማም ሳንቡእ ጠለበጊዕ፣ ሕማም ሳንቡእ ከፍቲ፣** ሕማም ምምላእ ማይ ልቢ (**ሀርት ዋተር**)፣ ሕማም ረስኒ ገማግም ምብረቓዊ ባሕሪ**ን መንደፍን** ይግለፁ/ፃ ፡፡

ኣብ ኣፍ ወይ እግሪ ቁስለት እንተሪኦም/አን ናብ ዕጫላም/**ኣፈመዓር** ይግለፁ/ፃ ፡፡

ሕማም ቆርበት እንተሪኦም/አን ናብ **ዕንፍሪር ጤለበጊዕ**ን **ከፍቲን** ይግለፁ/ፃ ፡፡

ምብርዓይ/**ምውሃይ** እንተሪኦም/አን ናብ ሕማም ረስኒ ሓጓፍ ሸንጥሮን ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይን (**ብርሴሎሲስ**) ይግለፁ/ፃ ፡፡

## አገደስትን ብተደጋጋሚ ዝረአዩን ሕማማት

ናብ ሕማማት ስልምን ዕብደት ከልቢን ይግለፁ/ፃ፡፡

## ድሕንነት ህይወት እንስሳ

ድሕንነት ህይወት እንስሳ ማለት እንስሳት ካብ ሕማማት ንምክልኻልን በቢብረኩ ሱጉምቲ ምውሳድ ማለት እዩ። እዞም ናይ ሱጉምቲ ብርክታት ኣብ ኩሉ ሃገራት ዓለም ኣብ ስራሕ ዝወዓሉን ኩሉ ግዜ ኩሉ ሰብ ክትግብሮም ዝግብኡ ተግባራትን እዮም።

እቲ ቀንዲ ፅንሰ ሓሳብ እንስሳኹም ሕማማት ናይምትሕልላፍ ዓቕሚ ካብዘለዎም ከም እኒ ሰብ፣ ካልኦት እንስሳትን መሳርሕታትን ምንኽኻእ ብምቁራፅ ካብ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ምምካት ምኽኣል እዩ። ዝበዝሕ እዋን በዙይ መንገዲ ማለት እውን ኣቅሓ፣ ሰብ ወይ ድማ እንስሳ ሕማም ተሸኪሙ ኣሎ ኢልካ ንምግላፅ ስለዘፀግም እዩ።

ንኣብነት ናብ ካሊእ መርብሒ እንስሳ እንትጉብንዩ ብጫማኹም ዒባ/ ዕነ ረጊፅኩም እንትኣትዉ ናብ እንሳሳታትኹም ሕማም ክተመሓላልፉ ስለ እትኽእሉ እዩ። እዙይ ንኻልኦት መርባሕቲ እንስሳ እውን ተመሳሳሊ ሓቂ እዩ።

ካብ ዙይ ብተወሳኺ ናብ ዝነበረኩም ደንበ እንስሳ ሓዱሽ እንስሳ እንተሓዊሰኩም እቲ እንስሳ ዝተሸከሞ ሕማም ብዘይ ምፍላጡ ሓደጋ ከምፅእ ይኽእል እዩ። ስለዝኾነ እቲ ሓዱሽ እንስሳ ካብ ዝነበሩ ጥዑያት እንስሳታትኩም ንዝተወሰነ እዋን ፌሊኹ እንተፅኒሕኽመዎ ጥዑይ ምኻኑን ዘይምኻኑን ኣብ ከይዲ ዝፍለጥ እዩ።

ስለዙይ ኩሎም መርባሕቲ እንስሳ ናይ ድሕንነት ሕይወት እንስሳ (ባዮሴኪሩቲ) ብርክታት ምፍላጥ ኣገዳሲ ይኸውን። በዙይ መሰረት ኣብቶም ዝቅፅሉ ገፃት ሓሙሽተ ቀንዲ ብርክታት ድሕንነት ህይወት እንስሳ ማለትውን ሕግታት ደው ኣብልን ስጉምቲ ውሰድን በቢ እዋኑ ኣብ ተግባር ክውዕሉ ዝግበኦም እዮም።

**ሕግታት ደው ኣብልን ስጉምቲ ውሰድን ንድሕንነት ህይወት እንስሳ**

**ሕግታት ደው ኣብልን ስጉምቲ ውሰድን ብትኽክል እንተተግቢሮም** እንስሳታትኩም ጥዕነአን ብምሕላው ካሊእ ሕማም ንኸይኣቱ **ደው ብምባል**ሕማማት ምክልኻል ይሕግዝ።

ሕሙማት እንስሳ ካብ ጥዑያት **ንሓፂር ግዜ ምፍላይ**
ኣብ እዋን ጉዕዞ ጫማኹም **ምውፃእን ምፅራይን**
**ትፈልጥዎምን ጥዑያትን ሰባት ጥራይ** ናብ እንስሳታትኩም ንኽቐርቡ ምፍቃድ
ናውትኹም፡ ኣቑሑትኹምን መጓዓዓዚኹምን ብሕማም **ንኸይልከፉ ምክልኻል** ዝተለቃሕኹምዎምን እንትምለሱ ብግቡእ ምፅራዮም ምርግጋፅን የድሊ።

- ❖ ብተወሳኺ❖

**ኣብ እዋን ምክትታል እንሰሳት ኩሉሻብ** ካብ ጥዑያት ናብ ሕሙማት እንስሳት ይኸዱ። ኣብተን ሕሙማት እንስሳት ኔርኹም ናብ ጥዑያት እንስሳ እንትትከዱ ሕማማት ሒዝኩም ናብ ጥዑያት ትኸዱ ምኺንኩም ተረድኡ።

# ክፍሊ ሕማማት ደርሁ ማንዋል




## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

### 1. ሕማም ሓያል ሰዓል አዕዋፍ (HPAI)

### ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ


**መኒአን ይሓማ ?**

ደርሁ ይሓማ እየን። ዳክየ እቲ ሕማም ክሸከማ ይኽእላ ዘይክሓማ ግን ይኽእላ እየን።




**እቲ ሕማም ብኸመይ ይሕዘን?**

እቲ ቫይረስ ኣብ ፍታንን እንትፍታፍን ደርሁ ይርከብ፡ ስለዙይ በዚ መንገዲ በቲ ሕማም ካልኦት ኣዕዋፍ ክተሓዛ ይኽእላ።



**ዘክሩ፣ ኣብዚ ማንዋል ሕንፃፅ ቀይሕ ኣርባዕተ ማኣዝን ዘመላኸቶም መልዐሊ ሕማማት ተህዋስያን ከም እኒ ቫይረስ ወይ ድማ ባክተርያን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።**

**ዝተለኸፉ አዕዋፍን ዝነፍራ ዳክየን ሓዊሱ ብቐሊሉ ሓያል ሕማም ሰዓል አዕዋፍ (ኤችፒኤኣይ) ቫይረስ ናብ ካልኦት ኣዕዋፍ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ ።**



## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ይጥቀዓ?**

መብዛሕቲኣን ኣዕዋፍ ክልከፋ ይኽእላ።

**ይሞታዶ ?**

ዝበዝሓ ዝተለኸፋ አዕዋፍ ክሞታ ይኽእላ።





**አብዕዳጋ ብህይወት ብዘለዋ ደርሁ እቲ ኣቫይረስ በቐሊሉ ተመሓሓላላፋይ እዩ። ሰባት ካብ እኩባት ደርሁ ናብ ካልኦት ወይ ድማ ካብ ቁሸት ናብ ቁሸት ዝሓመማ ደርሁ ብምጉዑዓዝ "ዝተበከሉ ኣቁሑታት" ሰፈር ደርሁ "ክዳውንቲ" ጫማታት " መትሐዚ እንቋቁሖ "መጓዓዓዚ ቀለብ ሰብን ይዛመቱ።**



**እቲ ቫይረስ ኣብ ኩሉ ምስተን ዝተለኸፋ ደርሁ ምንኽኻእ ዘለዎም አቁሑታት ክህልዉ ስለዝኽእሉ ብዝግባእ ኩሎም ናይ ደርሁ ስፈራት፣ መሳርሕታት፣ጫማታትን መጓዓዓዝያን ፅሬቶም ምሕላው እቲ ህማማት ንከይዛመት ይገብር።**

**ዝሓመማ አዕዋፍ (ሕማም ሓያል ሰዓል አዕዋፍ )**


መብዛሕቲኡ ጊዜ በቲ ሕማም ፈለማ ዝረአ ምልክት ብድንገት ብዙሓት ኣዕዋፍ ሙሟት እዩ።

ዝሓበጠን ወይንጠጅ ሕብሪ ዘለዎን ጭንጉዕትን ሕንጥልን ክረአ ይኽእል።

ፀጋም--

እታ ዝተለከፈት ደርሆ ጭንጉእታ ብዝተወሰነ መልክዕ ናብ ዕንቆዋይ ሕብሪ ይቕየር

የማን--
ብየማን ዘላ ጥዕይቲ ደርሆ ጭንጉዕታ ቀይሕ ሕብሪ ኣለዎ




... ምልክታት ሕማም ሓያል  ሰዓል አዕዋፍ

ኣብ ታሕተዋይ እግራን
አፃብዕታን ቀይህ መስመር
(ትሕቲ ቆርበት ብዉሽጢ ደም
ዝረ ሰሰ) ይረአ።



አብ ቆርበት ቕንድብ ዓይነን ርእሰንን ሰማያዊ/ዕንቆዋይ ሕብሪ ኣብ ናይ ስጋ ደርሁ ይረአ (ስያኖሲስ)




…ምልክት ሕማም ሓያል ሰዓል አዕዋፍ

ዝተለኸፈ ኩኩናይ ደርሆ ዕንቆዋይ/ሰማያዊ ጭንጉዕቲ ይህልዎ



ዝሓበጠ ርዕሲ



## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

▶ ▶ ▶ ◀ ◀ ◀

**ኣብዝሞታ አዕዋፍ ዝግበር ጥንቃቐ!**


አብ ዝቕፅሉ ገፃት ዘሎ ብሕማም ሓያል ሰዓል አዕዋፍ ዝሞታ አዕዋፍ የርእየና

**አብዚ ጥንቃቀ ዘድልዮ ጉዳይ ደርሆ ጠቢሕካ እንትራአይ እቶም ዝተገለፁ ምልክታት ዘለዉ ም኷ኑ እንትረጋገፅ ዝተወሰኑ ሕማም ሓያል ሰዓል አዕዋፍ ቫይረሳት ሰብ ከጥቅኡ ከምዝ¡እሉ ምፍላጥ የድልይ።**

▶ ▶ ▶ ◀ ◀ ◀


**ዝሞታ አዕዋፍ (ብሕማም** ሕማም ሓያል ሰዓል አዕዋፍ)

ኣብ ትሕቲ ቆርበት ክሳደንን
ጎረረአንን
ፈሳሲ ማይ ዝሓዘ ቦታ
እንትራኣይ
ቀንዲ ምልክት ሕማም ሓያል
ሰዓል አዕዋፍ እዩ።



...ቁስሊታት ሕማም ሓያል ሰዓል አዕዋፍ

ኣብ ትሕቲ ቆርበት እግሪ ዝቛፀረ ማይ ይረአ



አብ ሳምባ ምቑፃር ደምን ማይን ይረአ።



**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ይፀዉኡ" የፍልጡ።**

## 2. ሕማም ፈንግል/ኩድም (NCD)


### ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ

**መኒኦን ይሓማ**?


በዝሒ ዘለወን ዓሌት ኣዕዋፍ ብሕማም ፈንግል/ኩድም ክተሓዛ ይኽእላ ። ይኹን እምበር ኩለን ዓሌት ኣይሓማን።

**ብከመይ እቲ ሕማም ይሕዘን ?**

እቲ ቫይረስ ኣብ ፍታንን እንትፍታፍን ደርሁ ይርከብ፡ በዚ መንገዲ በቲ ሕማም ካልኦት ኣዕዋፍ ክተሓዛ ይኽእላ እየን። እቲ ሕማም ብዝተለኸፈ ዝነቀፀ ፍታን፡ እንትፍታፍ ደርሁ፡ ሰፈር ደርሁ፡ ሳእኒ፡ ደርሁ፡ ኣቁሑት ከምኒ ባዴላ ዝበሉ ናብ ሓድሽ ከባቢ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።




ዝተለኸፉ ኣዕዋፍን ዝተለኸፉ መሳርሒታትን ምስ ጡዑያት ደርሁ እንተተነኻኺኦም እቲ ሕማም ፈንግል/ኩድም ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።



## ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?

ኩለን ኣዕዋፍ ብዝኮነ መንገዲ ምስቱ ቫይረስ ምንኽኻእ እንትህልወን ብሕማም ፈንግል/ኩድም ይተሓዛ ወይ ድማ ተሸከምቱ ይኾና። እቲ ሕማም ብሕፁፅ ተመሓላለፉይ እዩ።



## ይሞታዶ?

ዋላ ኩለን ኣይኩና ዝበዝሓ ዝተለኸፋ አዕዋፍ ናይ ሙማት ዕድል ኣለዎን።


## ዝሓመማ ኣዕዋፍ

እተን ዝሓመማ ደርሆ ምብላዕ ደዉ የብላ፡ ምንቅስቃስ ይቅንሳ ይወድቃ ፡ እንቛiሖ ምዉዳቕ ደዉ የብላ፡ ይፅሕፅሓ ፡ ዝተወሰና ክሳደንን ርእሰንን ይጠውያ፡ ክለመሳውን ይኽእላ።

ምልክታት እቲ ሕማም ምስ ናይ ሕማም ሓያል ሰዓል አዕዋፍ ክመሳሰል ይኽእል እዩ፣ ይኩን እምበር ኣብ ዝራኣይ ምልክታዊ ቁስሊ ይፍለ እዩ። ስለዙይ ናይ መወዳእታ መረጋገፂ ክኸውን ዝኽእል ብላቦራቶሪ ብዝግበር ዉፅኢት ምርመራ እዩ።

**ዝሓመማ አዕዋፍ (ሕማም ፈንግል/ኩድም)**

ምሕባጥን ምቕያሕን ቕንርብ ዓይኒ።



ዝፃሕፀሐት፡ ዝተጠወየ ክሳዳን ብጣዕሚ ፍዝዝ ዝበለትን ደርሆ።



. . .ዝቐፀለ ምልክታት ፈንግል/ኩድም

ዝፈዘዘት ወይ ድማ ዝደኸመት ደርሆ ኣፉ ከፊታ እንትትንፍስ




ዝለመሰት ግን ደሞ ንቅሓት ዘለዋ ደርሆ



**ዝሞታ አዕዋፍ (ፈንግል/ኩድም)**

ኣብ ዉሽጢ ቅንርብ ዓይኒ ደም ምፍሳስ



ዝሓበጠን ፃዓዱ ነጠብጣብ ዝዓረፎን ጣፍያ




. . .ዝቀፀለ ቁስሊታት ፈንግል/ኩድም

ምፍሳስ ደም ፅኪ መጀመርታ


ዓብዪ መዓንጣ/ቆሽቲ ደርሆ

(ሴካል ቶንሲል)



ምፍሳስ ደም ኣብ ዝተኸፈተ

ፅኪ ዓብዪ መዓንጣ/ቆሽቲ



. . . ዝቐፀለ iስሊታት ፈንግል



ምፍሳስ ደም ውሽጣዊ ክፋል

ጮንጮራ



ምፍሳስ ደም ኣብ ስተውሰኑ ኣካላት

መዓንጣ

**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**

# ክፍሊ ሓሰማ ማንዋል




## 3. ሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ (ASF)

### ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ

**መኒአን ይሓማ?**

ሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ (ኣፍሪካን ስዋን ፌቨር) ንኹሎም ዓይነት ሓሳማ የጥቅዕ። መፍለስን ናይ በረኻ ኣፍሪቃ ሓሰማን ግና ነቲ ቫይረስ ዝሸከሙ ኾይኖም ንባዕሎም ግና ኣይሓሙን።



**ብከመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

ሓሰማ በቲ ሕማም ክተሓዛ ዝኽእላ ኣብ ፍታን፡ እንትፍታፍን ደምን ዝሓመማ ሓሰማ ብዝርከብ በዝሒ ቫይረስ እዩ። ብተወሰኺ ብቲ ሕማም ካብ ዝተትሓዘ መፍለስ ብቁርዲደ ኣቢሉ ናብ ሓሰማ ክመሓላለፍ ይኽእል። ከምኡ ውን ብተረፍ ቖለብ ሓሰማ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይ¦ና?**

ዝበዝሕ ኣካል ጉጅለ ክልከፍ ይኽእላ።

**ይሞታ ዶ?**

መጠን ሞት ክፈላለ ይኽእል። እዝይውን ኣብ ሓደ ከባቢ ካብ ዘለዋ ሓሰማ ካብ ውሑዳት ጀሚሩ ኩለን ክሞታ ይኽእላ ።


### ምትሕልላፍ ቫይረስ ሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ (ኣፍሪካን ስዋን ፌቨር):

(ሀ) ኣብ ተሸከምቲ ቫይረስ ሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ መፍለስ ዝተጣበቁ ቆራዲድ መተሓላለፍቲ ።


(ለ) እቶም ተሸከምቲ ቫይረስ ሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ ቆራዲድ ኣብ ጥዑይ ሓሰማ እንትጣበቁ እቲ ቫይረስ ይመሓላለፍ።

(ሐ) በቲ ቫይረስ ዝተትሓዘ ሓሰማ ናብ ካልኦት ደንበ ሓሰማ የመሓላልፍ።


(ሀ)




(ለ)



(ሐ)



**ዝሓመማ ሓሰማ (**ሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ (ኣፍሪካን ስዋን ፌቨር) ሓያል ረስኒ፡ምቕያሕ ቆረበት እዝኒን ጭራን፡ ምብላዕ ደው ምባልን ኣብ ሓደ ምእካብን።




መኻባብቲ ጨፋት
እዝኒ ካብ ድሙቕ ቀይሕ
ናብ ዕንቆባይ ቀለም ምቕያር




**ዝሞታ ሓሰማ(ሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ (ኣፍሪካን ስዊን ፌቨር)**

ጣፍያ ካብ 4-5 ዕፅፊ ይዓቢ




ጣፍያ ጡዑይ ሓሳማ




. . .ቑስልታት ሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ (ኣፍሪካን ስዋን ፌቨር)

ዝሓበጠን ብቖሊሉ

ዝበጣጠስን ጣፍያ




ብጣዕሚ ዝሓበጠ ድሙቕ ፅኪ መዓንጣን ከብድን ብሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ (ኣፍሪካን ስዋን ፌቨር) ዝተትሓዛ ሓሰማ




. . . ቑስልታት ሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ (ኣፍሪካን ስዊን ፌቨር)

ብሕማም ረስኒ ሓሰማ ኣፍሪቃ (ኣፍሪካን ስዊን ፌቨር) ዝሓበጠ ድሙቕ ፅኪ ኩሊት



**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ**

# ክፍሊ ጠለበጊዕ ከፍቲ መፅዓኛን ግመልን



**ውፅኣት/ፅሕፃሕ/ተቕማጥ**

**መተንፈሲ ኣካል**

**ቁስሊታት ኣፈን እግሪን**

**ሕማማት ቆርበት**

**ምብርዓይ /ምውሃይ**

## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት  ምፍታሽ


## (ሀ) ውፅኣት/ፅሕፃሕ/ተቕማጥ

### 4. ጉልሓይ መሰል ጠለበጊዕ (PPR)

**ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳት እዩ**


**መኒኣን ይሓማ?**


ጠለ በጊዕ



**ብከመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

ብፍታንን እንትፍታፍን ክመሓላለፍ ይኽእል።







**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይ¦ና?**

ብዝበለፀ በቲ ሕማም ዝጥቀዓ

መሓእእን ሊያሙን/ሬማ (ገላግል) እየን።

ኣብ ክሊ ተጠቃዕቲ በዝሒ ጠለበጊዕ


ኲለን ክሓማ ይኽእላ እየን።





## ይሞታዶ?

መብዛሕቲኦን ዝተትሓዛ ጠለበጊዕ ክሞታ ይኽላ። ብዕድመ ዝናኣሳ ጠለበጊዕ  ብዝበለፀ ተጠቃዕቲ እየን። ተወሰኽቲ መበኣኣስቲ ምኽንያታት ከምኒ ፅግዕተኛታት፣ ሕፅረት መኖ፡ መፅለልን መንበርን፣ ምዝባዕ አየር ፀባይን እንትህሉ ብዕድመ ዝዓበያ ጠለበጊዕ እውን ብቲ ሕማም ብዝበለፀ ክጥቀዓ ይኽእላ እየ።





## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት  ምፍታሽ

**ዝሓመማ እንስሳት (ጉልሓይ መሰል ጠለበጊዕ /ፔስተደስ ፔቲት ሩሚናንትስ)**

ምልክታት ሕማም ጉልሓይ መሰል ጠለበጊዕ (ፔስተደስ ፔቲት ሩሚናንትስ)
ካብ ኣፍን አፍንጫን ዝወፅእ ፈሳሲ፣ ሕማቕ/ተፍናጊ ጨና ዘለዎ ፅሕፃሕ የጠቓልል







## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት  ምፍታሽ

…ምልክታት ሕማም ጉልሓይ መሰል  ጠለበጊዕ (ፔስተደስ ፔቲት ሩሚናንትስ)



ኣብ ኣፍ፡ ኣፍንጫን ዓይንን ዝነቐፀ ንፋጥ



ኣብ ዓይኒ ከባቢ ንiፅ ዕንቋል

ኣፍንጫን ዝነቐፀን ንፋጥ ምስ ፈሳሲ




**ዝሞታ ጠለበጊዕ (ብሕማም ጉልሓይ መሰል ጠለበጊዕ)**

ኣብ ኣፈን ሓያል iስሊ ብምህላዉ

ምግቢ ከይበልዓ ይገብረን



ቁጠዐ ሳንባን ፀገም ምትንፋስን



## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት  ምፍታሽ

. . . ቑስሊ ሕማም ጉልሓይ መሰል ጠለበጊዕ

ብምኽንያት ናይ መጀመርታ ብርኪ ምቺ ሳንባ **ብ**ሕማም ጉልሓይ መሰል  ጠለበጊዕ (ፔስተደስ ፔቲት ሩሚናንትስ) ብዙሓት ተረርቲ ኣናእሽተይ ሕበጣት ይረአዩ



**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ  የፍልጡ።**




## (ለ) መተንፈሲ ኣካል

### 5. ሕማም ሳምቡዕ ከፍቲ (CBPP)

**ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ**


**መኒአን ይሓማ?**

ኩሎም ዓሌት ከፍቲ ተጠቃዕቲ እዮም።



**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

ካብ ኣፍን ኣፍንጫን ብዝወፅእ ፋሳሲ ጥራሕ እቲ ሕማም ይንዛሕ። እንስሳት በቲ ሕማም ንኽተሓዛ ምቅርራብ ግድን እዩ።




**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይ፣ና?**

ምቅርራብ ክሳዕ ዝሃለወ ብዙሓት እንስሳት ክጥቀዓ ይኽእላ።

**ይሞታዶ?**

ሓያል ፀገም ምትንፋስ ዘርኣያ እንስሳት ብኣብዘሓ ክሞታ ይኽእላ እየን ።



**ዝሓመማ እንስሳት (ሕማም ሳምቡዕ ከፍቲ)**

ዝፈዘዘን ካብ ኣፍንጬአን
ፈሳሲ ዝውሕጅ እንስሳት



## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

. . .ምልክታት ሕማም ሳምቡእ ከፍቲ



ብኣፍንጨኣ ፈሳሲ ተውሕጅ ላሕሚ




ብምኽንያት ፀገም ስርዓተምትንፈስን ሰዓልን ንቅድሚት ምዝርጋሕ ክሳድን ርእስን




ብሕማም ሳምቡዕ ከፍቲ (ሲቢፒፒ) ዝሓመማ እንስሰት መብዛሕቲኡ ጊዜ ይፈዛን ካብ ጉጅለኣን ይፍለያን

**ዝሞታ እንስሳት (ብሕማም ሳምቡዕ ከፍቲ)**

ብቢጫ ሽፋን ዝተሸፈነ ሳምባ



ብቢጫ ነገራት ዝተሸፈነ ሳምባ



## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

. . . ቑስሊ ሕማም ሳምቡእ ከፍቲ

ብላዕልን ብውሽጥን ብዙሕ ብጫ መሸፈኒ ነገራት ዘለዎ ሳምባ



ሳምባ ብኻራ እንትቑረፅ ጡንኩር ድምፂ፡ ዝነቀፀ ነገርን ዝተወቀጠ ርብራብ መልክዕን ይህሉዎ




**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**

## 6. ሕማም ሳምቢዕ ጤል (CCPP)

### ♦ ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ♦


**መኒአን ይሓማ?**

ኣጣል ይታሓዛ ። ዝበዝሕ ጊዜ ምስ ኣጣል ዝነብራ ኣባጊዕ ክታሓዛ ይኽእላ።




**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

ካብ ኣፍን ኣፍንጫን ብዝወፅእ ፋሳሲ ክንዛሕ ይኽእል። እንስሳት በቲ ሕማም ንኽተሓዛ ምቅርራብ ግድን እዩ ።



**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይ¦ና?**

ኣብቱ ጉጅለ ብዙሓት እንስሳት በቲ ሕማም ክተሓዛ ይኽእላ እየን።



.


**ይሞታዶ?**

መብዛሕቲኣን ዝተለኸፋ እንስሳት ክሞታ ይኽእላ።



**ዝሓመማ እንስሳት**

ኣብ ዝሓመማ ኣጣል ሓያል ረስኒ፡ ፀገም ምትንፋስ፣ ምስዓልን ብበዝሒ ምሟትን ይረአ። ብተወሳኺ ምድካም፡ ምቕናስ ክብደት፡ ቃንዛ ዘለዎ ድምፂ፡ ቅድሚ ሞት ካበ ኣፍንጫ ፈሳሲ ይወፅእ



**ዝሓመማ እንስሳት (ሕማም ሳምቡዕ ጤል)**

ብሰንኪ ሕማም ሳምቡዕ ኣጣል ካብ ኣፍንጬኣን ፈሳሲ ይወፅእ



ሕማም ሳምቡእ ዝሓዘን ኣጣል ፀገም ምትንፋስ የርእያ



**ዝሞታ እንስሳት (ብሕማም ሳምቡዕ ጤል)**

ዝጠንከረ፡ ዝሓበጠን ደም ዝመልአ
ሳምባ




ናብ ማሕጎፋ ዝተጣበቐ ሳምባ



. . . ቑስሊ ሕማም ሳምቡዕ ጤል

በቲ ሕማም ምሒር ዝተጠቅዐ ሳምባ ትኽክለኛ ሳንባ ዘይመስል



**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**







## 7. ሕማም ረስኒ ገማግም ምብራቓዊ ባሕሪ (ECF)


**ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ**

**መኒአን ይሓማ?**

ከፍትን ጎሽን







**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**


ኣብ እዝኒ ብዝጣበቅን ዝምገብን ዝተለኸፈ ቡናማ ቁርዲድ እዝኒ


**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

በቲ ሕማም ዝጥቅዓ በዝሒ እንስሳ ዝምዘን ብበዝሒ ዝተለከፉ ቁፅሪ ቁርዲድን ዝንጥቀመሎም ናይ ቁርዲድ መድሃኒትን ናይ ምኽልኻል ኣቕሚ ዝተደረኸ እዩ። ዝርገሐ እቲ ሕማም ካብ ዉሑዳት እንስሳ ናብ ብዙሓት ክኸውን ይኽእል እዮ።

**ይሞታዶ?**

ብሕማም ረስኒ ገማግም ምብራቓዊ ባሕሪ (ኢስት ኮስት ፌቨር) ዝሓመማ እንስሳት መብዛሕቲኦን ክሞታ ይኽላ እየን።






**ዝሓመማ ከፍትን ጎሽን (ብሕማም ረስኒ ገማግም ምብራቓዊ ባሕሪ /ኢስት ኮስት ፌቨር)**

ምልክታት ሕማም ረስኒ ገማግም ምብራቓዊ ባሕሪ (ኢስት ኮስት ፌቨር)ሓያል ረስኒ፡ ሕብጠት ፅኪታት፡ ምብላዕ ደው ምባል፡ ፀገም መትንፋስን ምሟትን የምፅእ።



## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

**ዝሓመማ እንስሳት (ብሕማም ረስኒ ገማግም ምብራቓዊ ባሕሪ /ኢስት ኮስት ፌቨር)**

እንስሳት ሕበጥ ፅኪታተ ክህልወን ይኽእል



ብስንኪ ፀገመ ምትንፋ ኣፋ ዝኸፈተት ላሕሚ



**ዝሞታ እንስሳት (ብሕማም ረስኒ ገማግም ምብራቓዊ ባሕሪ /ኢስት ኮስት ፌቨር)**

ዝተቖረፀ ፅኪ ዝሓበጠ ምኳኑ የርኢ



ከቢድን ራሕሲ ዘለዎን ሳምባ ክህልዎ ይኽእል




**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትሪኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ  የፍልጡ።**

## 8. ሕማም ምምላእ ማይ ልቢ (Heart Water)

**ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ**


**መኒአን ይሓማ?**

ከፍትን ጠለበጊዕን የጥቅዕ



**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

መንቀሊ ሕማም ምምላእ ማይ ልቢ (ሀርት ዋተር) ብቁርዲድ ዝመሓላለፉ ደቀቕቲ ባክተሪያ/ተሀዋስ እዮም




**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይ¦ና?**

መጥቃዕቲ እቲ ሕማም ብበዝሕ ቁርዲድ፡ ሕሉፍ መልከፍቲ ቁርዲድን ዓቕሚ ምኽልኻል መድሓኒትን።


ሓደን ልዕሊኡን እንስሳት ክጥቀዑ ይኽእሉ።

**እቲ ሕማም ካብ እንስሳ ናብ እንስሳ ብዘይ መንከስቲ ቁርዲድ ክመሓላለፍ ኣይኽእልን።**



**ዝሓመማ እንስሳት እነታይ ዓይነት ምልክታት የርእያ?**

ዝርኣዩ ምልክታት ሓያል ረስኒ፣ ምፍዛዝ፣ ምህንፋፅ፣ ከምኡ እውን ምልክታት መትኒ ከምኒ ምዕግርጋር፡ ምግታር ክሳድን ሞትን የስዕብ




**ይሞታዶ?**


መጠን ሞት ዝተለኽፋ እንስሳት ዝለዓለ እዩ።

**ዝሓመም እንስሳት (ሕማም ምምላእ ማይ ልቢ/ሀርት ዋተር)**

ወርቃማ ቌርዲድ ኣብ ቆርበት ዝራብዕ



ደም ዝፀገበ ወርቃማ ቅርዲድ
ኣብ ቆርበት




**ዝሞታ እንስሳት (ሕማም ምምላእ ማይ ልቢ/ሀርት ዋተር)**

ብዙሕ ፈሳሲ ዝቛፀረ መሕቖፊ ልቢ



ኣብ ውሽጥን ደገን በዝሒ ፈሳሲ ዘለዎ ሳንባ



**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትሪኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**

## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

### 9. ሕማም መንደፍ (AHS)

### ♦ ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ ♦

**መኒአን ይሓማ?**


ኣፍራስ ብዝበለፀ ብሕማም መንደፍ (ኣፍሪካን ሆርስ ሲክነስ) ዝጥቀዓ ኾይነን በቕሊ ድማ ብዝተሓተ ትጥቀዓ። ኣድግን ኣድጊ በረኻን ብጣዕሚ ተፃወርቲ እየን።



**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

ቫይረስ ሕማም መንደፍ ካብ ብዝተለኸፉ ኣፍራስ ናብ ካልኦት ጥዑያት እንስሳት ብደቀቕቲ ተናኸስቲ ሃመማ/ፅንፅያ ይመሓላለፍ።

እቶም ሃመማ/ፅንፅያ ብጣዕሚ ደቀቕቲ ኮይኖም ብዝበለፀ ንጡፋት ዝኾኑ ኣብ እዋን ፀሓይ በርቅን ዓራርቦን ኮይኑ መጠን ኣካሎም ድማ ካብ 1ሚሜ ክሳብ 4ሚሜ ይኸውን።



**መጠን ኣካል ተናኸስቲ ሃመማ/ፅንፅያ**

**ትኽክለኛ መጠን ኣካል ተናኸስቲ ሃመማ/ፅንፅያካብ 1ሚሜ ክሳብ 4ሚሜ ይኸውን**



**ከባቢ 1 ሚሜ መጠን ኣካል ዘለዎ ዘሎ ሃመማ/ፅንፅያ**



**ከባቢ 4ሚሜ መጠን ኣካል ዘለዎ ሃመማ/ፅንፅያ**

## ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይ¦ና?


በዝሒ ዝተለከፋ እንስሳት ብብበዝሒ ዝተለኸፉ ሃመማ/ፅንፅያ ክውሰን ይኽእል። እዙይ ማለት ብዙሓት ሃመማ/ፅንፅያ እንተሃልየን ብዙሓት ኣፍራስ ክሞታ ይኽእላ።

## ይሞታዶ?

መጠን ሞት ኣፍራስ ዝለዓለ እንትኸውን ናይ ኣብቅልቲ ግና ዝተሓተ እዩ።



**ሕማም መንደፍ (ኣፍሪካን ሆርስ ሲክነስ)**
**ብተናኸስቲ በረርቲ ሃመማ/ፅንፅያ ካብ ሓደ ፈረስ ናብ ብዙሓት ኣፍራስ እንትመሓላለፍ።**



**ዝሓመማ እንስሳት (ብሕማም መንደፍ)**

ብሕማም መንደፍ ዝሓመማ እንስሳት ሓያል ረስኒ፣ ርሃፅ፣ ሰዓል፣ ፀገም ምትንፋስን ካብ ኣፍንጫ ዓፍራ ብምውፃእን ይሞታ።




…ምልክታት ሕማም መንደፍ/ኣፍሪካን ሆርስ ሲክነስ

ሽፋን ውሽጣዊ ዓይኒ ይቀይሕን ይሓብጥን



ምሕባጥ ልዕሊ ዓይኒ ዘለዋ ክልተ ጎድጓዳ ቦታታት



**ዝሞታ እንስሳት (ብሕማም መንደፍ)**

ዝሞተ ፈረስ ኣብ
ኣፍንጫኡ
ዓፍራ እንተርኢ




ፈሳሲ ዝቑፀረ ሳንባ



. . . ቑስሊ ሕማም መንደፍ

ፈሳሲ ዝቑፀረ ሽፋን ልቢ ክረአ ይኽእል



**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**






## (ሐ) ቁስለት ኣፍን እግርን

### 10. ሕማም ዕጭላም /ኣፈ መዓር (FMD)

**ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ**


**መኒኣን ይሓማ?**

ኩሎም ሽኮኖኦም ዝተከፈለ እንስሳት ብሕማም ዕጭላም /ኣፈ መዓር ይጥቅዑ። መጥቀዓይነት እቲ ሕማም ካብ ኣብ ጠለ በጊዕ ኣብ ከፍቲ ዝዓዘዘ እዩ።




**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

መተሓላለፍቲ መንገዲ እቲ ሕማም ዝሓመማ እንስሳት ብዝበከለኦ ኣየር፣ ብዝተበከለ ቀለብን ማይን፣ ካብ ዝተበከላ እንስሳት ብዝወፅእ ፈሳሲ (ካብ ኣፍን ኣፍንጫን ዝወፅእ ፈሳሲ፣ ሽንቲ፣ ፀባ፣ ዒባ፣ ዘርኢ) እዩ።




## ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?

ብሓፂር ጊዜ ብሁፁፅ ኩነታት እቲ ሕማም ክሰፍሕ ይኽእል እዩ። **ብጣዕሚ ተመሓላፋይዉን** እዮ። ስለዝኾነ እዉን ዝበዝሓ እንስሳ ምልክት እቲ ሕማም ከምዘርእያ ርዱእ እዩ።



## ይሞታዶ?


ዝበዝሕ ጊዜ እቲ ሕማም ቀታላይ ኣይኮነን። ብዕድመ ዝዓበያ ናይ ምድሓን ዓቕሚ እንትህልወን ውሑዳት ብዕድመ ዝነኣሳ ወይ ድማ ሻደሽቲ ዝተወለዳ ግና ክሞታ ይክእላ እየን። ዝተወሰናዉን ቀፃላይ ናይ እግሪ ፀገም ክህልዎን ይኽእል።




(ዝቅፅል ምስሊ ይመልከቱ)

**ዝሓመማ እንስሳት (ብሕማም ዕጨላም/ኣፈመዓር)**

እግረን ብጣዕሚ ዝቆሰላ እንስሳት
ይንብርከኻን
ይዐማን



ዝርባብ ካብ ኣፍ ላሕሚ እንትወቅእ



…ምልክታት ሕማም ዕጭላም /ኣፈ መዓር

ኣብ ኣፋ ላሕሚ ማይ ብምቑፃር ዝጀመረ ቅስሊ



ምልክታት ቁስሊ ውሽጣዊ ምዕጉርቲ ሕማም ዕጭላም /ኣፈ መዓር



. . .ምልክታት ሕማም  ዕጬላም /ኣፈ መዓር

ኣብ ምሕዋይ ዝርከብ ቑስሊ ሸኾና ሕማም ዕጬላም /ኣፈ መዓር




ብሰንኪ ሓያል ቑስሊ ሕማም  ዕጬላም /ኣፈ መዓር  ሸኾና ክሞልቅ ይኽእል



. . . ምልክታት ሕማም ዕጨላም /ኣፈ መዓር

ኣብ ኣፍንጬ ሓሰማ ዓብዪ ማይ ዝቛፀረ
እግራ ድማ ቁስሊ ይረአ



ሕዱር ቁስሊ እግረ ሓሰማ ሓያል ስቓይን
ዘላቂ ፀገም እግሪ ይፈጥር



...ምልክታት ሕማም ዕጭላም /ኣፈ መዓር

ማይ ዝቛፀረ መልሓስ በጊዕ



**ማይ ምቁፃር ቀዲሙ ዝራኣይ ምልክት ሕማም ዕጭላም /ኣፈ መዓር ኮይኑ ምልክት ዘለወን እንስሳት ብህፁፅ ክፍለያ ይግባእ**

**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትሪኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**


## (መ) ሕማማት ቆርበት

### 11. ሕማም ዕንፍሪር ጠለበጊዕ (SGP)

**♦ ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ♦**

**መኒኣን ይሓማ?**

ዕንፍራር ጠለበጊዕ ኩሎም ብርክታት ዕድሜ፡ ዓሌት እንስሳት ዘቤትን ዘገዳምን ጠለበጊዕ የጥቅዕ።
እቶም ቫይረሳት ሓደ ዓይነት እንስሳ ዘጥቅኡ ኮይኖም ናይ ጤልን ናይ በጊዕን ዕንፍራር ተባሂሎም ይፍለዮ።





**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**
ቔስሊ ቆርበትን እንትፍታፍን ፍልፍል እቲ ቫይረስ እዮም።
ክራፍ ዝቆሰለ ቆርበዊሕ እዋ ንነወ እዋን ለኸፋይ እዩ።
ካልኦት እንስሳ ምን ምንጪ እቲ ቫይረስ ይኸውን።
ካልኦት እንስሳት እንተተነኻኺኣን ክሓማ ይኽእላ።



ብዕንፍሪር ዝተለኸፈት በጊዕ ንካልኦት ጡውያት ኣባጊዕ ጥራሕ ተመሓላልፍ፣

ብዕንፍሪር ዝተለኸፈት ጤል ድማ ንካልኦት ጡውያት ኣጣል ጥራሕ ተመሓላልፍ።








**መተሓላለፊ መንገዲ ሕማም ዕንፍሪር ጠለበጊዕ**


**ሀ.** ቅራፍ ቁስሊ ዘለዎ ዝሓመመት እንስሳ ኣብ ሓፁር እንትትፈሓፋሕ ሂዎት ዘለዎ ቫይረስ ናብቲ ሓፁር ብቅራፍ ቁስሊ ኣቢሉ ክመሓላለፍ ይኽእል።

**ለ.** ብምቕፃል ዘይተለኸፈት እንስሳ ኣብ ተመሳሳሊ ሓፁር እንትትፈሓፋሕ እቲ ቫይረስ ክሓልፋ ይኽእል።




**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

መብዛሕቲኡ ጊዜ ዝበዝሓ እንስሳት እቲ ደንበ ክሓማ ይኽእላ እየን።



**ይሞታዶ?**

ዝተወሰና እንስሳ ክሞታ ዝኽእላ ኾይነን ብምኽንያታት ውሽጣውን ደጋውን ፅግዕተኛታት፣ ዘይተመጣጠነ ቀለብን ዘይምቹው ኩነታት ኣየርን ድማ እቲ መጠን ሞት ክባኣኣስ ይኽእል።



**ዝሓመማ እንስሳት (ሕማም ዕንፍሪር ጠለበጊዕ)**

ኣብ ከንፈር ዝተለኸፈት
በጊዕ ፀለምቲ ሕበጣት ይረአ።




ፍሉይ ምልክታት ቁስሊ
ሕማም ዕንፍሪር በጊዕ ዘርኢ ስእሊ



# ሕማማት ብጉጅል ምልክታት  ምፍታሽ

…ዝሓመማ እንስሳት (ሕማም ዕንፍሪር ጠለበጊዕ)

ብሰንኪ ሕማም ዕንፍሪር በጊዕ
ዝተፈጠሩ ፀለምቲ ሕበጣት/ዕንፍረ
ቆርበት



ብርክት ዝበሉ ሕበጣት/ዕንፍሪር
ቆርበት ክረአ ይኽእል



. . . ምልክታት ዕንፍሪር ጠለበጊዕ


ፍሉይ ምልክታት ዕንፍሪር ጤል



ኣብ ትሕቲ ጭራ ዝተለኸፈት በጊዕ ዝረአዩ ሕበጣት



ብሰንኪ ዕንፍሪር ጤለበጊዕ ዝረአዩ ብርክት ዝበሉ ሕበጣት ሳንባ



**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረብ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**


## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

### 12. ዒንፍሪር ከፍቲ (LSD)

**ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ**


**መኒአን ይሓማ?**

ከፍቲ




**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?** ክልተ መተሓላለፊ መንገድታት ኣለዉ፣

**(1)** ብጣንጡን ካልኦት ደሞ መጠጥቲ ተናኸስቲ ሃመማ/ፅንፅያን




**(2)** ጥዑያት እንስሳት ኣብ ቁስሊ ዝሓመማ እንትፈሓፈሑ በቲ ሕማም ይልከፉ





**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

ኣብ ሓደ ደንበ ዝርከባ እንስሳት መብዛሕተአን ክልከፋ ይኽእላ። እቲ ሕማም ብሓያል ረስኒን ዓበይቲ ሕበጣትን ኣብ ኩሉ ኣካል እንስሳ ይረአ።



**ይሞታዶ?**

ዝተወሰና እንስሳ ክሞታ ይኽእላ፣ ዓንጋረአን ድማ  ይበላሾ።



**ዝሓመማ እንስሳት (ዕንፍሪር ከፍቲ)**


ኣብ ኩሉ ኣካላተን ሕበጣት እቱ ሕማም ይረአ





ሕበጣት ዕንፍሪር ቆርበት ረጎድትን ጉድኣት ዘብፅሑን እዮም



. . . ምልክታት ዕንፍሪር ከፍቲ



እቲ ቆርበት ብርክት ዝበሉ
ሕበጣት ክህልዎ ይኽእል



ብሰንኪ ዕንፍሪር ከፍቲ
ዝፍጠሩ ዓሞቅቲ ቁስልታት

ብሰንኪ ዕንፍሪር ከፍቲ

ዝፍጠር ሓያል ጉዳኣት ዓንጋረ



**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**

## 13. ዕንፍሪር ግመል (CP)

### ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ


**መኒአን ይሓማ?**

ኣግማል የጥቀዕ ።



**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**


ምሰቲ ቑስሊ ንክክእ ዘለዎ መሳርሒ ኣቑሑት"ክዳን "መግሃጫ ቦታ" ሰብን ዝሓመመ ግመልን ብንክክእ ናብ ጡዑይ ግመል የመሓላልፉ።



## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ


**ካብተን ዘለዋ ኣግማል ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

ኣብ ሓደ ደንበ ዝርከባ እንስሳት ሙብዘሕተአን ክልከፋ ይኽእላ።




**ይሞታዶ?**

ዝበዝሕ ግዘ ሞት ዝዋሓደ እዩ ። ኣብ ገላግል ሞት ካብ 40-50 ምእታዊ ኮይኑ ምኽንያቱውን ትሑት ኣታሓሕዛን ራሕዲ ዘለዎ ሙከት ኣየር እንትህሊ እዩ ።



**ዝሓመማ ኣግማል (ዕንፍሪር ግመል)**

ኣብ ኸንፈር ኣፍንጫ ክሳድን ከባቢ ዝሓበጡ ዝነከፁን ዝፈስስ ደምን ቑስል ይራኣይ።



**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**


## (ሰ) ምብርዓይ /ምውሃይ

### 14. ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ (Brucellosis)

**ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ**

**መኒአን ይሓማ?**

ብዙሓት ዓሌት እንስሰት ይጥቀዓ፣ ሰብ እዉን በቲ ታህዋስያን/ባክተርያ ይልከፍ።



**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

- ምስ ኣካላት ወይ ድማ ፈሳሲ ዝተለኸፈ እንስሳ ብዝህሉ ቀጥታዊ ርክብ
- ጥረ ፀባ ዝተለኸፈ እንስሳ ብምጥቃም
- ብስተለኸፉ ስጋን ፈሳስን ዝተነኻኸኡ ምግብን ማይን ብምጥቃም
- በቲ ሕማም ካብ ዝተበከለት ላሕሚ ዝወፅእ ምራኽ፡ መስከብ፣ ዝተፈላለዩ ፈሰስትን ብዚኦም ዝተበከለ ከባቢን ።

- ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ (ብሩሴሎሲሰ) ካብ ሓደ ደንበ ናብ ካሊእ ክመሓላለፍ ዝኽእል ብዝተለኸፈ ወይ ድማ ነቲ ሕማም ብዝተቃለዐ እንስሳ እዩ።

**ሱጉምቲታት ምክልኻል ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ (ብሩሴሎሲሰ) ሰብ**

1. **ብቲ ባክተርያ ዝተለኸፈ ክኸውን ስለዝኽእል ጥረ ስጋ ዘይምብላዕ ።**
2. **ዘይፈልሐ ፀባን ኣጅቦን ክስተን ክብላዕን የብሉን።**
3. **ኣብ እዋን ምውላድ እንስሳ ይኹን እንተበርአያ ኢድና ብኾላስተክ ዳንትን ምሽፋንን ምስወዳእና ብማይን ብሰሙናን ብኣግባቡ ምሕፃብን ይግባእ።**
4. **ካልኦት ዝተለኸፉ ኣቁሑትን ናይ መዋለዲ በታን ብማይን ኬሚካልን ክፀርዩ ምግባር ።**

**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

መብዛሕቲኣን ደንበ እንስሳት ክልከፋ ዝኽእላ ኮይነን ኩለን ግና ዘይክሓማ ይኽእላ።

**ዝሓመማ እንስሳት እንታይ ዓይነት ምልክታት የርእያ?**


ብብዝሓት ዝረአዩ ምልክታት ምብርዓይ/ምውሃይን ምቅናስ ምህርቲ ፀባን እዮም። ዝተለኸፉ ብዕድመ ዓበይቲ እንስሳት ጡውያት ክመስላ ይኽእላ እየን።

**ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ (ብሩሴሎሲስ) ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ክንዛሕ ዝኽእል እዩ ንኣብነት**


**ሀ.**ፀባ ዝተለኸፋ እንስሳ ብምስታይ

**ለ**. ኣብ እዋን ስሮ ካብ ሓደ ናበ ካሊእ እንስሳ ይመሓላለፍ።

**ሐ**. ፈሳሲ መስከብ ብዘይመከላኸሊ ክታሓዝ ከሎ



(ሐ)





**ይሞታዶ?**

ኣብ ማህፀን ዘሎ ዕሸል እንስሳ ክሞትን ክብርዐን ይኽእል።



**ዝሓመማ እንስሳት (ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ /ብሩሴሎሲስ)**

እንስሳት
**ምብርዓይ/ምውሃይን**
ምድንጓይ መስከብ ምውፃእን እዮም




## ዝሞታ እንስሳት (ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ /ብሩሴሎሲሰ)

ብምኽንያት ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ /ብሩሴሎሲሰ) ግመል ምብርኣይ ዕሸል ይረአ






ብምኽንያት ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ /ብሩሴሎሲሰ) ዝተበርዐየ ዕሸል በጊዕ




ረጕድ መስከብ ከፍቲ ምልክት ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ /ብሩሴሎሲሰ) እዩ

... ቑስልታት ሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ /ብሩሴሎሲሰ)

ጡዑይ መስከብ



ብሕማም ምብርዓይ/ምውሃይ /ብሩሴሎሲሰ)ዝተጠቕዓ መስብ ብዙሓት ብጫ ረጎድቲ ክፋላት የርኢ




**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትሪኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**

## 15. ሕማም ረስኒ ሓጓፍ ሽንጥሮ (ሪፍቲ ቫሊ ፊቨር)

## ♦ ድንበር ዘለል ሕማም እንስሳ እዩ ♦


**መኒአን ይሓማ?**

በጊዕ፣ ጤል፣ ከፍቲ፣ ኣግማልን ሰብን።



**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

ዝተለኸፈ ጣንጡ ካብ እንስሳ ናብ እንስሳ ይመሓላልፍ። ሰባት እውን ብዝተለኸፈት ጣንጡ ወይ ከዓ ምስ ዝተለኸፈ ደም እንሰሳ ብምንኻኻእ ይመሓላለፍ።




### ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?

እቲ ሕማም ኣብ ደንበ እንስሳ ክሕይልን ክሰፍሕን ዝኽእል ድሕሪ ሓያል ምውቃዕ ማይ ብዙሓት ጣንጡ እንትሕልዋ እዩ።



### ይሞታዶ?

መጠን ሞት ዕሸል ኣብ ማህፀን ኣዶ ሚእቲ ምእታዊ ይበፅሕ፣ ኣብ ሓደሽቲ ዝተወልዱ ድማ ከባቢ 10-50% ክሞታ ይኽእላ እየን። ብዕድመ ዝዓበያ እንሳሰ ሓሚመን ዘይክራኦያ እንትኽእላ እቲ ቫይረስ ግና ክሽከማ ይኽእላ እየን። ጣንጡ እቲ ቫይረስ ካብ ደም ዝተለኸፈ እንስሳ ወይ ሰብ ወሲዳ ናብ ካሊእ እንሰሳ ወይ ሰብ ክትመሓላልፍ ትኽእል።



### ዝሓመማ እንስሳት እንታይ ዓይነት ምልክታት የርእያ?

ምብርዓይ/ምውሃይ፣ ብዕድመ ዝነኣሳ እንስሳ እውን ይደኽማ፣ ረስኒ ይህልወንን ሽፋን ልስሉስ ኣካላተን ብጫ ሕብሪ ክህልዎ ምኽንን።

**ዝሓመሙ እንስሳታት (ሕማም ረስኒ ሓጓፍ ሽንጥሮ/ሪፍቲ ቫሊ ፌቨር)**

ብሰንኪ ሕማም ረስኒ ሓጓፍ ሽንጥሮ (ሪፍቲ ቫሊ ፌቨር) ቆርበትን መሸፈኒ ውሽጢ ኣካልን ብጫ ሕብሪ ይህልዎ



ብሰንኪ ሕማም ረስኒ ሓጓፍ ሽንጥሮ (ሪፍቲ ቫሊ ፌቨር) ዘበርዐየት /ዘዋሃየት ጤል




*...ምልክታት ሕማም ረስኒ ሓጓፍ ሽንጥሮ (ረፍቲ ቫሊ ፌቨር)*

ብሰንኪ ሕማም ረስኒ ሓጓፍ ሽንጥሮ (ረፍቲ ቫሊ ፌቨር) ዘበርዐየት/ዘዋሃየት ግመል



**ዝሞታ እንስሳት** (ሕማም ረስኒ ሓጓፍ ሽንጥሮ/ረፍቲ ቫሊ ፌቨር)

ዓብዪን ዝተዛበዐን ቅርፂ ዘለዎ ፀላም ከብዲ



**ሱጉምቲታት ምክልኻል ሕማም ረስኒ ሓጓፍ ሽንጥሮ (ሪፍቲ ቫሊ ፌቨር) ሰብ**

1. ካብ ዝተበከለ ደም፣ ፈሳሲን ኣካላት እንስሳን መከላኸሊ ኽዳን ብምኽዳን ምክልኻል።
2. ምብርዓይ ብበዝሒ ኣብ ዝረአየሎም ከባቢታት ካብ ንክሲት ጣንጡ ምክልኻል።

**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**



# አገደስትን ብተደጋጋሚ ዝረኣዩን ሕማማት



## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ


### 16. ሑዱር ሕማም ሳመቡእ (CRD)

**መኒአን ይሓማ**?

በዝሒ ዘለወን ደርሁ ብሕማም ሑዱር ሳመቡእ ክተሓዛ ይኽእላ ።


**ብከመይ እቲ ሕማም ይሕዘን ?**

ምሰ ተደረብቲ ሕማማትን ዘጋዱዱ ኩነታትን ተኣሳሲሩ ዝኽሰትን ብባክተርያ ዝመፅእን ኮይኑ እቲ ባክተርያ ኣብ ኸባቢ ሰፈር ደርሆ ንነዊሕ ጊዜ ዝፀንሕ እዩ። እቲ ሕማም ብዝተለኸፋ ድርሁ፣ ብተግባራት ወዲሰብ፣ ብልኹፋት ኣዕዋፍ ዘገዳም፡ ደቀቕቲ ሓሳኹን ዝተበከለ ኣቑሑትን ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ። ቑፂሎም ዘለው ስእሊታት ይመልከቱ።



**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

ፍርቀንን ልዕሊኡን ክልከፋ ይኽእላ ።



## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

**ይሞታ ዶ?**

ካብተን ዘተለኸፋ ውሑዳት (5 ካብ ሚእቲ) ደርሁ ናይ ሙማት ዕድል ኣለዎን። ኾይኑ ግና ከከም ዕድሚአንን ካልኦት ጉዳያትን ይውስንዎ እዮም።

**ዝሓመማ ኣዕዋፍ ዘርእይኦም ምልክታት ሕማም**

እተን ዝሓመማ ደርሆ ምብላዕ ደዉ የብላ፣ ምንቅስቃስ ይቅንሳ፣ እንቛቑሖ ምዉዳቕን (ከ10-15%) ን ዕቤተን ይቕንሳ፣ ፅሬት እንቛቑሖ ይቕንስ፣ ይፅሕፅሓ፣ ዝተወሰና ክሳደንን ርእሰንን ይጠወያ፡ ክለመሳ እውን ይኽእላ። ምቑሳል ክፋላት አፍንጫ፣ ይሕርንኻ፣ ካፍ ኣፍንጫ ፈሳሲ ምፍሳስ፣ ሰዓል፣ ምስትንፋስ ምሽጋርን ዘይተለምደ ድምፂ ምውፃእ፣ ብጣዕሚ ዝተጎድኣ ድረኸዓ ኣብ መሬት ክወድቃን ኣፈን ኸፊተን ከተንፍሳን ይኽእላ።

ምልክታት እቲ ሕማም ምስ ናይ ሕማም ሓያል ሰዓል አዕዋፍ ክመሳሰል ይኽእል እዩ፣ ይኩን እምበር ኣብ ዝራኣይ ምልክታዊ ቁስሊ ይፍለ እዩ። ስለዙይ ናይ መወዳእታ መረጋገፂ ክኸውን ዝኽእል ብላቦራቶሪ ብዝግበር ዉፅኢት

ምርመራ እዩ።




ብሕዱር ሕማም ደረሆን ዝተጠቅዐ ኩኩናይ ደርሆ። ዓይኑ ቀይሑን ቆሲሉን፣ ቁንጮዕቱ ቆሲሉን ፃዕድዩን፣ አቦራ ዝተሓዋወሶ ካብ ኣፍንጫ ዝወፅእ ንፋጥ አፍ እቲ ኣፍንጫ ዓቢስዎ ኣሎ። /እቲ ፎቶን መግለፂኡን ካብ *MERCK Veterianry Manual* ዝተረኽበ እዩ Courtesy of North Carolina State Poultry Health Management/።

## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ



ብሕዱር ሕማም ደረሆን ዝተጠቅዐት ደርሆ፡፡ ዓይና ቆሲሉን ሓቢጡን፣ ኣፍንጫኣ ብንፋጥ ተዓፅዩ፡፡ /እቲ ፎቶን መግለፂኡን ካብ *the poultry site* ዝተረኸበ እዩ/፡፡



ብሕዱር ሕማም ደረሆ ዝተጠቅዐ ኩኩናይ ደርሆ፡፡ ኣብቲ መቐስ ዘለዎ ክፋል ድሕሪት ኣካል ስርዓተ ምስትንፋስ ወይ ኻዓ መተሓላለፊ ኣየር ሓቢጡን ግመ ዝመስል ምስሊን ሒዙ ኣሎ፡፡ /እቲ ፎቶን መግለፂኡን ካብ *MERCK Veterianry Manual* ዝተረኸበ እዩ *Courtesy of American Association of Avian Pathologists*/፡፡

**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ፡፡**


## 17. ሕማም ካንሰርን ምልማስን ደርሁ (MD)

**መኒአን ይሓማ**?

በዝሒ ዘለወን ዓርሑን እንቋቑሖ ምውዳቕ ዝጀመራ ከምኡ እውን ናይስጋ ደርሁን ብሕማም ካንሰርን ምልማስን ደርሁ ክጥቅዓ ይኽእላ። እቲ ሕማም ኣብ ከባቢ 3 ሰሙን ዕድም ክልል ደርሁ ጀሚሩ ዝረአ ኮይኑ ኣብ 2 ክሳብ 7 ወርሒ ዕድመ ዘለዎን ድርሆ ብፍላይ ብዝለዓለ ብርኪ የጥቅዐን።


**ብከመይ እቲ ሕማም ይሕዘን ?**

እቲ ሕማም ምስ መጋደድቲ ኩነታት ከምእኒ ዕድመን ዓሌትን ደርሆ፣ ኩነታት መጠን ካብ ኣዶ ዝርከብ መከላኸሊ ከሚካል፣ ናይቲ ቫይረስ ሕማም ናይ ምምፃእ ተፈጥራዊ ኣፈላላይ ከምኡ እውን ተደረብቲ ሕማማትን ሕማምናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኽዳኽሙ ዝኽእሉ ነገራት ተኣሳሲሩ ዝኸሰትን ብቫይረስ ዝመፅእን እዩ። እቲ ሕማም ብዝተለኽፋ ድርሁ ዝመሓላለፍ ኮይኑ እቲ ቫይረስ ብተፈጥርኡ ኣብ ዋህዮ ደርሆ ስለዝነብር ምስ ናብ ከባቢ ዝርግፉ ናይ ደርሆ ክንቲትን ፀጉርን ኣቢሎ ናብ ከባቢ ሰፈር ደርሁን ርሕቕ ነብ ዝበለ ቦታን ይብተን እሞ ናብ ብቐሊሉ ዝጥቃዓ ካልኦት ደርሆ ብምንኽኻእ ይመሓላለፍ። ቐፂሎም ዘለው ስእሊታት ይመልከቱ።



**ካብተን ዘለዋ ካብ ነቲ ሕማም ዝተጋለፃ ደርሁ ክንደይ ዝኣኽላ ይልከፋ?**

ፍርቀንን ልዕሊኡን ክልከፋ ይኽእላ ።



## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

### ይሞታ ዶ?

ካብተን ዘተለኸፋ ሰዳርጋ ክሳብ 50 ካብ ሚኢቲ ደርሁ ናይ ሙማት ዕድል ኣለዎን። ኾይኑ ግና ከከም ዕድሚኣንን ካልኦት ጉዳያትን ይውስን እዮ።


### ዝሓመማ ኣዕዋፍ ዘርእይኦም ምልክታት ሕማም

እቲ ሕማም ብዝተፈላለዩ ብርክታት ዝግልፅ ኮይኑ እግሪን መንፈርን ከምኡ እውን ካልኦት ኣካላተን ምልማስ፣ ሕብሪ ዓይኒ ምብልሻውን ዓይኒ ምጥፋእን፣ ቁስልን ፅኪ ዝመስል ምልክት ቆርበት ካንሰር፣ መጠንን ቅርፅን ከብደን ምውሳኽ፣ እተን ዝሓመማ ደርሆ ምብላዕ ደዉ የብላ፣ ምንቅስቃስ ይቅንሳ፣ ይፅሕፅሓ፣ ዝተወሰና ክሳደንን ርእሰንን ይጠውያ። ውሽጣዊ ኣካላተን ክምርመር ከሎ ሕብጠት ካንሰር ኣብ ዝተፈላለዩ ውሽጣዊ አካላት እተን ደርሁ ይርአ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ቀፂሎም ዘለው ስእልታት ምምልካት የድሊ።




ብሕማም ካንሰርን ምልማስን ደረሆ ዝተጠቅዑ ዓርሒታት ደርሆ። መሓውራተን ለሚሱ ክንቀሳቀሱ ኣይኽኣሉን። እታ ናይ መጀመርታ የማናይ ግልግሊኣን ፀጋማይ እግራን እታ ኻልአይቲ ድማ ክልትኡ ኣእጋራን የማናይ ግልግሊኣን ስለዝለመሱ እተን ደርሁ ኣብ መሬት ተዘርጊሐን ምንቅስቃስ ስኢነንን አለዋ። /እቶም ፎቶን መግለፂኦምን ካብ *MERCK Veterianry Manual* ዝተረኽበ እዩ Courtesy of North Carolina State Poultry Health Management/።





## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

ብሕማም ካንሰርን ምልማስን ደርሆ ዝተጠቕዑ ደርሁ። እታ ናይ መጀመርታ፣ መሓውራ ዝቆፃፀርን ኤቨያቲክ መትኒ ተባሂሉ ዝፅዋዕን ብላዕለዋይ ጦር ዝተመላኸተን መትኒ ምስቲ ብታሕተዋይ ጦር ዝተመላኸተ መትኒ እንትወዳደር ብሰንኪ እቲ ሕማም ብጣዕሚ ሓቢጡን ቆሰሉን ይርከብ። እታ ካልአይቲ ደርሆ ብስንኪ እቲ ሕብረን ቅርፅን ዓይና ሙሉእ ብሉእ ጠፊኡ ይርአ ኣሎ። እታ ሳልሰይቲ ደርሆ ድማ ብሰንኪ እቲ ሕማም ናይ ቀርበት ካንሰር ተጠቃዒት ኮይና ቆርበታ ቆሲሉን ሓቢጡን ይረአ ኣሎ። /እቶም ፎቶታትን መግለፂኦንምን *ካብ Manual of Poultry Disease, Chief edditr-Jeanne Brugère-Picoux & Jean-Pierre Vaillancourt* ዝተረኽበ እዩ/.



ብሕማም ካንሰርን ምልማስን ደርሆ ዝተጠቕዑ ደርሁ። እተን ናይ መጀመርታን ካልኣይን ምስሊ ብቲ ሕማም ዝተጠቅዑ ፀለምቲ ከብድታት ኮይኖም መጠኖም ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ዓብዩን ኣብኡ እቲ ክፋላት አቶም ፀሊም ከብድታት ዝተበተነ ናብ ካንሰር ዝተለወጠ፣ ዝሓበጠን ሣዕዳ ሕብሪ ዘለዎን ዘይንቡር ለውጥታት ይርኢ ኣሎ። ኣብ ሳላይ ምስሊ ዘሎ ድማ ናብ ካንሰር ዝተለወጠ እታ ጣፍያ ሓቢጣን ፃዕዳ ፃዕዳ ነጠብጣብ ኣብሙሉእ እቲ ክፋል ጣፍያ ተበቲኑ አሎ። /እቶም ፎቶታትን መግለፂኦንምን *ካብ Manual of Poultry Disease, Chief edditr-Jeanne Brugère-Picoux & Jean-Pierre Vaillancourt* ዝተረኽበ እዩ/.

**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**


## 18. ሕማም ረኽሲ ፅኪ በርሳ ደርሁ (IBD)

**መኒአን ይሓማ**?

ሕማም ረኽሲ ፅኪ በርሳ ድርሁ ምስ ክሊ ዕድመ ደርሁ ተኣሳሲሩ ዝለዓልን ነኣሽተያትን ኣብ ክሊ ዕቤት ዝርከባ ደርሁ ብዝለዓለ መጠን ዘጥቕዕን እዩ። እቲ ሕማም ካብ ከባቢ 3 ሰሙን ዕድም ክልል ደርሁ ጀሚሩ ዝረአ ኮይኑ ዕድሚአን ካብ 3-6 ሰሙን ዝገበራ ድርሆ ብፍላይ ብዝለዓለ ብርኪ የጥቅዐን።


**ብከመይ እቲ ሕማም ይሕዘን ?**

እቲ ሕማም ምስ መጋደድቲ ኩነታት ከምእኒ ዕድመ ደርሆ፣ ኩነታት መጠን ካብ ኣዶ ዝርከብ መከላኸሊ ከሚካልን ናይቲ ቫይረስ ሕማም ናይ ምምፃእ ተፈጥራዊ ኣፈላላይን ተኣሳሲሩ ዝኽሰትን ብቫይረስ ዝመፅእን እዩ። እቲ ሕማም ብዝተለኸፋ ድርሁ ዝመሓላለፍ ኮይኑ ብፍታን ናብ ከባቢ ሰፈር ደርሁን ብዝተፈላለዩ ምክንያት ኽዓ ናብ ርሕቕ ዝበለ ቦታን ይብተን እሞ ናብ ብቐሊሉ ዝጥቃዓ ካልኦት ደርሆ ብምንኽኻእ ይመሓላለፍ። እቲ ቫይረስ ካብ ሰውነት ደርሁ ናብ ከባቢ ምስ ወፀ ንዝተፈላለዩ ነጋራት ከየተሸነፈ ንነዊሕ ግዜ ይፀንሕ እዩ። ቐፂሎም ዘለው ስእሊታት ይመልከቱ።



**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

ፍርቀንን ልዕሊኡን ክልከፋ ይኽእላ ።



**ይሞታዶ?**

ካብተን ዘተለኸፋ ደርሁ ዳርጋ ክሳብ 50 ካብ ሚኢቲ ናይ ሙማት ዕድል ኣለዎን። ኾይኑ ግና ከከም ዕድሚአንን ናይቲ ቫይረስ ዓይነትን ክፈላለ ይኽእል።

## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

### ዝሓመማ ኣዕዋፍ ዘርእይኦም ምልክታት ሕማም

እቲ ሕማም ብዝተፈላለዩ ብርክታት ዝግልፅ ኮይኑ እተን ዝሓመማ ደርሆ ምብላዕ ደዉ የብላ፣ ይፈዛ፣ ፅጉረን መንፈረንን ይበታተን፣ ምንቅስቃስ ይቅንሳ፣ ሓልሓሊፉ ይፅሕፅሓ፣ ዝተወሰና ክሳደንን ርእሰንን ይጠወያ። ውሽጣዊ ኣካላተን ክምርመር ከሎ ሕብጠት ካንሰር ኣብ ዝተፈላለዩ ውሽጣዊ ኣካላት እተን ደርሁ ይርአ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ቀፂሎም ዘለው ስእልታት ምምልካት የድሊ። እቶም ቀንዲ ብዓይንና ዝረኣዩ ቁስለታት ኣብ ባርሳ ዝተበሃለ ፅኪን ጭዋዳታት እግሪ፣ ደረትን ካልኦትን ዝፍጠሩ እዮም። ብፍላይ ባርሳ ዝተበሃለ ፅኪን ይሓብጥ፣ ይልጠጥ፣ ይቆስል፣ ብጫ ሕብሪ ይሕዝ፣ ደም ይሰርብን ይደምን። ከምኡ እውን እቶም ዝተጠቕሱ ጭዋዳታት ደም ይሰርቡን ይደምዩን እየም። ንተወሳኺ ሓበሬታ ቀፂሎም ዝተቐመጡ ስእልታት ይመልከቱ።



ብሕማም ረኽሲ ፅኪ በርሳ ድርሁ ዝተጠቅዑ ጫጩት ደርሆ። ዓይነን ሽፊነን፣ ኣፈንን ርእሰንን ናብ መሬት ደፊአን፣ ፅጉረን ተበታቲኑን ፈዚዘንን ይርአያ ኣለዋ። /እቶም ፎቶን መግለፂኦምን ካብ *Manual of Poultry Disease, Chief edditr-Jeanne Brugère-Picoux & Jean-Pierre Vaillancourt* ዝተረኽበ እዩ/።



ብሕማም ረኽሲ ፅኪ በርሳ ድርሁ ዝተጠቅዑ ጫጩት ደርሆ። እቲ ናይ መጀመርታ ስእሊ ዘመላኽቶ በርሳ ዝተበህለ ፅኪ ውሽጣዊ አካሉ ደም ሰሪቡን ደምዩን ከምኡ እውን ሓቢጡን ቆሰሉን እዩ። እታ ካልአይቲ ስእሊ ደግሞ ናይ እግርን ደረትን ጭዋዳታት ኮይኑ በቲ ሕማም ምኽንያት ደም ሰሪቡን ደምዩን ከምኡ እውን ሓቢጡን ቆሰሉን ኣሎ። /እቶም ፎቶታትን መግለፂኦንምን *ካብ Manual of Poultry Disease, Chief edditr-Jeanne Brugère-Picoux & Jean-Pierre Vaillancourt* ዝተረኽበ እዩ/።

**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**


## 19. ማም ዕንፍሪር ደርሁ (FP)

**መኒአን ይሓማ**?

ሕማም ዕንፍሪር ድርሁ ንኹሎም ክሊ ዕድመ ደርሁ ዘጥቕዕን ብቫይረስ ዝመፅእ ሕማም እዩ። እቲ ሕማም ብምንኽኻእ ዝመሓላለፍን ፀጉሪ ዘይብሎም ኣካላት ደርሁ ብቐንዲ ዘጥቅዕ ተመሓላለፊ ሕማም እዩ ።


**ብከመይ እቲ ሕማም ይሕዘን ?**

እቲ ሕማም ወይ ቫይረስ ነዊሕ ግዜን ብምቅርራብ ዝፍጠር ምንኽኻእ ዝመሓላለፍ ኮይኑ ኣብ ሓደ ቦታ ቡዙሓት ድርሁ ምስፋር ከም መጋደዲ መንገዲ ተገይሩ ይውሰድ። ብኻሊእ መንገድ ኣብ ሓደ ቦታ ዝተፈላለዩ ክሊ ዕድመ ደርሁ ምስፋር እቲ ሕማም ወይ ቫይረስ ካብ ዝተለኽፉ ደርሁ ናብ ጥዑያት ደርሁ ንኽመሓላለፍ ካሊእ መጋደዲ መንገዲ እዩ። እቲ ቫይረስ ካብ ሰውነት ደርሁ ናብ ከባቢ ምስ ወፀ ንዝተፈላለዩ ነጋራት ከየተሸነፈ ንነዊሕ ግዜ ይፀንሕ እዩ። ቐፂሎም ዘለው ስእሊታት ይመልከቱ። ብተወሳኺ እቲ ቫይረስ ንዝተፈላለዩ ኩነታት ስለዘይጥቃዕ ኣብ ናብ መሬት ዝረግፍ ኣካል ደረሆ ንነዊሕ ግዜ ይፀንሕ ከምኡ እውን ዝደሓና ደርሁ ግን ደሞ ተሸከምቲ እቲ ቫይረስ ዝኾና ደርሁ እቲ ቫይረስ ናብ ሰፈረን ስለዘራግፍኦ እቲ ሰፈረን ወይ ጉዝጓዝ፣ ምግብን ማይን ስለዝብከል ዘይሓመማ ደርሁ ካብ ዝተበከለ ከባቢ ሕማም ክተሓዛ ይኽእላ እየን።



**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

ፍርቀንን ልዕሊኡን ክልከፋ ይኽእላ ።



**ይሞታ ዶ?**

ካብተን ዘተለኸፋ ደርሁ ዳርጋ መብዘሕተን ደርሁ ብቲ ሕማም እንተተጠቕዓ ናይ ሙማት ዕድል ግን ብጣዕሚ ውሑድ እዩ። ኾይኑ ውሽጣዊ ኣካላት ማለት እውን ኣካላት ስርዓተ ምሕቛቕ ምግቢን ስርዓተ

## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

ምንስትንፋስ እትጥቓዕ ግና ወሳኒ ዝኾነ መጠን ሞት ከጋጥም ይኽእል።

### ዝሓመማ ኣዕዋፍ ዘርእይኦም ምልክታት ሕማም

እቲ ሕማም ደጋዊ ወይ ውሽጣዊ ተባሂሉ ብኽልተ ዝኽፈል ኮይኑ እተን ብቲ ቫይረስ ዝተለኸፋ ደርሁ ኣብ ቁንጭዕተን፣ ኣብ መንጠልጠሊአን፣ ኣፈን፣ እግረን፣ መቆመጢአን፣ ዓይነን ካልእ ብፀጉሪ ዘይተሸፈነ ኣካላተን ክፍቲን ውፅእ ውፅእ ዘበለን ብግልፂ ዝፍለን ቁስሊ ይወፀን። እቲ ቁስሊ ኣፍን ዓይን ኣከባቢ ምስ ዝወፅእ እተን ደርሆ ብኣግባ ከይበልዓን ከይረኣን ስለዝገብረን ብጥሜት ክሞታ ይኽእላ እየን። ካብ ቁስሊ ብተወሳኺ እተን ደርሁ ፀጉሪ ወይ ክንቲት ዘይምብቋልን ምቕናስ ምህርቲ እንቁላሊሕ ምቕናስ የጋጥም እዩ። ውሽጣዊ ዓይነት በቲ ሕማም ዝተጠቅዓ ደርሁ ደሞ ኣብ ጎሬረአን፣ ላዕለዋይ ኣካላት ስርዓተ ምስትንፋስን ቁስሊ ክፍጠር ከሎ ናይ ምትንፋስ ሽግር የጋጥመን፣ ልዑዕ መጠን ሞት የጋጥመን። ንተወሳኺ ሓበሬታ ቀፂሎም ዝተቐመጡ ስእልታት ይመልከቱ።



ብሕማም ዕንፍሪር ድርሁ ዝተጠቅዑ ዝተፈላለዩ ደርሆ። ቁንጮዕተን፣ ዓይነን ፣ ኣፈንን ብቑስሊ ተጠቒዑን ተጎዲኡን ይርከብ። /እቶም ፎቶን መግለፂኦምን ካብ *Manual of Poultry Disease, Chief edditr-Jeanne Brugère-Picoux & Jean-Pierre Vaillancourt* ዝተረኽበ እዩ/።

**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትሪኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**

## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

### 20. ሕማም ፅሕፃሕ ድርሁ (CD)


**መኒአን ይሓማ**?

ሕማም ፅሕፃሕ ድርሁ ምስ ክሊ ዕድመ ደርሁ ተኣሳሲሩ ዝለዓልን ነኣሽተያትን ኣብ ክሊ ዕቤት ዝርከባ ደርሁ ብዝለዓለ መጠን ዘጥቕዕን እዩ። እቲ ሕማም ካብ ከባቢ 3 ሰሙን ዕድም ክልል ደርሁ ጀሚሩ ዝረአ ኮይኑ ዕድሚአን ካብ 3-6 ሰሙን ዝገበራ ድርሆ ብፍላይ ብዝለዓለ ብርኪ የጥቅዐን።

**ብከመይ እቲ ሕማም ይሕዘን ?**


እቲ ሕማም ምስ መጋደድቲ ኩነታት ከምእኒ ዕድመ ደርሆ፣ ኩነታት ጠልን ሙቖትን ሰፈር ወይ ከባቢ፣ ናይቲ ታህዋሰያን በዝሕን ተፈጥራዊ ኣፈላላይን ተኣሳሲሩ ዝኽሰትን ብፕሮቶዝዋ ዝመፅእን እዩ። እቲ ሕማም ብዝተለኽፋ ድርሁ ዝመሓላለፍ ኮይኑ እቲ ታህዋስያን ብፍታን ደርሁ ናብ ከባቢ ወይ ሰፈር ደርሁ ምስተበተነ ካልኦት ደርሁ ዝተበከለ ምግቢ፣ ማይን ካልእን ብምብላዕ ወይ ምስታይ ይመሓላለፍ። ስለ ዝኾነ እውን ምስ ኣተሓዛ ሰፈርን ጉዳዝን ከምኡ ምስ ቅድመ ምክልኻል ተዛሚዱ ዘጋጥም ሕማም እዩ። እቲ

ታህዋስያን ካብ ሰውነት ደርሁ ናብ ከባቢ ምስ ወፀ ምስ ምቹዊ ጠሊን ሙቖትን ተታሒዙ ኣብ ከባቢ ይፀንሕ እሞ ናa ካልኦት ደርሁ ብቐሊሉ ይኣቱ። ቐፂሎም ዘለው ስእሊታት ይመልከቱ።



**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

ፍርቀንን ልዕሊኡን ክልከፋ ይኽእላ ።



**ይሞታ ዶ?**

ካብተን ዘተለኸፋ ደርሁ ዳርጋ ክሳብ 50 ካብ ሚኢቲ ናይ ሙማት ዕድል ከጋጥመን ይኽእል። ብፍላይ ኻዓ ካብ 3 ክሳብ 6 ሰዉን ዕድመ ዘለዎንን ብበዝሒ ታህዋስያን እንተተጠዒቐንን ልዑል ሙት ከጥም ይኽእል ።


## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

### ዝሓመማ ኣዕዋፍ ዘርእይኦም ምልክታት ሕማም

እቲ ሕማም ብዝተፈላለዩ ብርክታት ዝግልፅ ኮይኑ እቲ ቐንዲ ምልክት እዚ ሕማም ፅሕፃሕ እዩ። ብተወሳኺ እተን ዝሓመማ ደርሆ ምብላዕ ደዉ የብላ፣ ይፈዛ፣ ፀጉረን መንፈረንን ይበታተን፣ ምንቅስቃስ ይቕንሳ፣ ዝተፈላለየ ሕብሪን ዓይነት ይፅሕፅሓ፣ ዝተወሰና ክሳደንን ርእሰንን የድንና። ከምኡ እውን ዐቤተን ምህርቲ ይቕንሳ። ውሽጣዊ ኣካላተን ክምርመር ከሎ ሕብጠት፣ ቁስላትን መድመይትን ኣብ ዝተፈላለዩ ውሽጣዊ አካላት ማዓንጠአን ይርአ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ቀፂሎም ዘለው ስእልታት ምምልካት የድሊ። እቶም ቀንዲ ብዓይንና ዝረኣዩ ቁስለታት ኣብ ማዓንጣ ዝፍጠሩ እዮም ስልዝኾነ እውን መዓንጠአን ይሓብጥ፣ ይቆስል፣ ብጫ ሕብሪ ይሕዝ፣ ደም ይሰርብን ይደምን። ንተወሳኺ ሓበሬታ ቀፂሎም ዝተቐመጡ ስእልታት ይመልከቱ።



ብሕማም ፅሕፃሕ ድርሁ ዝተጠቅዑ ጫጩት ደርሆ። ደም ዝተሓዋወሰ ይፅሕፅሓ፣ ርእሰንን ናብ መሬት ደፊአን፣ ፀጉረን ተበታቲኑን ፈዚዘንን ይርአያ ኣለዋ። /እቶም ፎቶን መግለፂኦምን ካብ *Manual of Poultry Disease, Chief edditr-Jeanne Brugère-Picoux & Jean-Pierre Vaillancourt* ዝተረኸበ እዩ/።



ብሕማም ፅሕፃሕ ድርሁ ዝተጠቅዑ ጫጩት ደርሆ። በቲ ሕማም ምኽንያት ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት መዓናጡ ደርሁ ደም ሰሪቡን ደምዩን ከምኡ እውን ሓቢጡን ቆሲሉን ኣሎ። /እቶም ፎቶታትን መግለፂኦንምን *ካብ Manual of Poultry Disease, Chief edditr-Jeanne Brugère-Picoux & Jean-Pierre Vaillancourt* ዝተረኸበ እዩ/።


**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትረኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**

## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ


### 21. ሕማም ስልም/ስልሕም (Trypanosomiasis)

**መኒኣን ይሓማ?**

ከፍቲ፣ ኣጣል፣ ኣባጊዕ፣ ሓሰማ፣ ኣፍራስ




**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**



ዝበዝሕ ጊዜ ብንክሲት ዝተለኽፈት ሃመማ ቆላ/ ፀፀፍላይ ይመሓላለፍ። ዝተወሰኑ ዓይነት መምፀእቲ **ሕማም ስልም/ስልሕም ተህዋሰት** ብካልኦት ዓይነት ሃመማታት ክመሓላለፍ ይኽእል። ኮይኑ ግና ሃመማ ቆላ ዝዓበየ ታራ ኣለዎ።

**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

ብዙሓት እንስሳት ኣይልከፋን እዙይ እውን ብበዝሒ ሃመማ ቆላ ዝዉሰን ይኸውን።



## ይሞታዶ?

እንስሳት እንተተለኺፈን ብኽይዲ ዝሞታ እንት፣ና ንብዙሕ እዋን ግና ክሓማ ይኽእላ እየን ።

**ዝሓመማ እንስሳት (ሕማም ስልም/ስልሕም)**

ንነዊሕ እዋን ዝሓመማን ዝማሰና/ዝዓበራን እንስሳት



**ዝሞታ እንስሳት (ሕማም ስልም/ስልሕም)**

ሓያል ምቕናስ ክብደት




**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትሪኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ  የፍልጡ።**

# ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

## 22. ዝንጉዕ ሕማም መተንፈሲ ኣካል ግመል (CRDC)

**መኒአን ይሓማ?**

ኣግማል ይሓማ።




**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

እዚ ሕማም ክላኣል ዝኽእል ብመጋደድቲ ኩነታት ኾይኑ ንሳቶምውን ከምኒ ከባቢያዊ ናይ ኣየር ለውጢ"ድኹም ኣታሓሕዛ/ምሕደራ"ትሑት ደረጃ ጥዕናን ሕማm ኣመጋግባ ካብቶም ዝርiሑ እዮም። እዚ ሕማም ብለበዳ መልክዕ ብበዝሒ ዝራኣየሉ ካብ ሓጋይ ናብዝናብ ወmቲ እንትmየር እዩ። ፃፊኣ ዘለዎ ዛህልን ዝናብል ናይቱ ሕማም ለበዳ ብሓይሊ ዘጋድዱ እዮም። እቲ መተሓላፊኡን ነዝሒ እቲ እማም ዝውሰን ብዓይነት እቲ መልኣሊ ሕማም ኮይኑ ንሳቶምውን ዝተፈላላዩ ቫይረሳት"ፋንገሳት"ባክተርያን ፅግዕተኛታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብዝሒ ኣግማል ኣብ ሓደ ቦታ ምህላውን ናይ ንፅሃት ጉድለታት እቲ ሕማም ብmልጡፍ ንክኣቢ ክገብር ይኽእል እዩ።

**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**


ዝበዝሕ ግዘ ካብ ሓደ ጉጅለ ውሑዳት ይሓማ ።



## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ

## ይሞታዶ?

ውሑዳት ኣግማል ይሞታ።



**ዝሓመማ ኣግማል**

ንምሕዋይ ነዊሕ ግዘ ይወስደን"ጥንሰን ካብ 5-6 ኣዋርሕ ዝኾና ኣግማል የበርእያ"ይስዕላ"ንፋጥ ካበ ኣፍንጨኣን ይወፅእ"እንትትንፍሳ ድምፂ ይስማእ"ኽብደተን ይmንሳ ይደኸማ "ምብላዕ ደው የብላ"ዘይምኡርይ iማና ይህልዎን"ይነብኣን ዓይነን ከባቢውን ይሓብጥ። ጥmልል ኣቢል¤ እንትራኣይ ዝህቦኦ ዝግባእ ግልጋሎትን መፍረያይንትን ምሰ ግዘ ይmንስ።



**ዝሞተት ግመል**




**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትሪኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**

## 23. ሽሖር ግመል (Scabies)


**መኒአን ይሓማ?**

ስብ ሐዊሱ ካልኦት እንሰሳ ዓይነትውን ዘጥmዕ ኮይኑ መልዕልቲ ናይ ዓሌት አፈላላይ እዚ ሕማም ስለዘዉ ኣብዚ ናይ ግመል ጥራይ ትኹረት ተዋሂብዎ ኣሎ።




**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

ኣግማል ኣካል ንኣካል እንትትጣበk ኮይኑ እዚውን ኣብ ማይ መስተ"መቀመጢ ደምበ"ናይመፅዓኒን ንኪኪ ዘለዎም ኣiሑት"ኮርቻን ጉዝÒዝን ብዝኣምሰሉ ካብ ዝተለኸፈ ግመል ናብ ጡዑይ ይመሓላለፍ።



**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

ዝበዝሕ ግዘ ካብ ሓደ ጉጅለ ማዕኸላይ በዝሒ ይሓማ ። ኾይኑ ግና ትሑት ኣተሓሕዛን ናይ ከባቢ ኣየር ለውጥን እንትህልይ ናይ ሐሙማተ በዝሒ ክውስኽ ይኽእል።



## ይሞታዶ?

እንድሕር በቲ ፅግዕተኛ ተለኺፈን ድሕሪ ነዊሕ ግዘ ክሞታ ይኽእላ። እዚይውን ትሑት ኣተሓሕዛን ናይ ከባቢ ኣየር ለውጥን እንትህልይ ናይ ዝሞታ በዝሒ ክውስኽ ይኽእል።

**ዝሓመማ ኣግማል**

ገላግል"ዝደኸማ ብዕድመ ዓበይቲ ብዝበለፀ ይጥቀኣ። ጡውያትውን ክጥቀኣ ዝኽእላ ኾይነን እቲ ናይቲ ሕማም ምልክት ኣብ ውሱን ኣካል ጥራይ ይራኣይ ። ዝራኣዩ ምልክታትውን ኣበ ምጅማር ብሃያል ማኸኽቲ ዝተሓገዘ ማይ ምi፻ር !ብምm፻ል ጨጉረን ብምምላጥ ራሕድን ፈሳስን ኣብ ቆርበተን ይራኣይ። እዚይውን ፅንሕ ኢሉ ዝነhፀ iስልን ኹርበ ኢሉ ሕብጡት ይራኣይ"ኩሉኛዕውን fርበተን ብምድግጋም ይሓካ። ዝበዝሕ ግዘ ዝጥmኡ ኣካል ቆርበትውን ርዕሲ"ኣብ ፍታን መውፀኢ ናይ ድሕሪት ከባቢታትን ናይ ፆታ መራኸቢ ኣካላተን እዮም። እቲ ጨጉሪ ዝተመለጠሉ ከባቢ ክሳብ 2 ሴሜ ስፍሓት ክህልዎ ይኽእል። ዝዘንገኣ ሕማም እነተኾይኑ ኣብቲ ቆርበት ግራጫ መልክዕን ዝተኣፃፀፈ ረጉድን ዝተመለጠ ኮይኑ ይራኣይ። ብምጥmላል ዝሓመማ ኣግማል ናብሰን ይhጥና"ፀባ ምሃብን ምፍረን ይmንሳ።




**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትሪኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**

## 24. ሕማም ዕብደት ከልቢ (Rabies)

**መኒአን ይሓማ?**

ብዜካ ኣዕዋፍ ኩሎም መጥወይቲ እንስሳ ይታሓዙ። እቲ ሕማም ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ኾይኑ ሰባት እንተተለኺፎም መወቲ እዮም።



**ብኸመይ እቲ ሕማም ይሕዘን?**

ብንክሲት ዝተለኸፈ እንስሳ ብፍላይ ድማ ብከልቢ ይመሓላለፍ። ካብዙይ ብተወሳኺ ምስ ዝተለከኸፈ ዝርባብን ደምን ምስ ዝተኸፈተ ቆርበት ወይ ድማ መሽፈኒ ውሽጢ ኣካል እንትነኻኻእ እቲ ቫይረስ ክመሓላለፍ ይኽእል።






**ዝሓመማ እንስሳት እንታይ ዓይነት ምልክታት የርእያ?**

ዝረኣዩ ምልክታት:

- ብዙሕ ዝርባብ
- ቅፅበታዊ ለዉጢ ባህርይ
- ርጉዓት እንስሳትን በላዕቲ ስጋ እንስሳትን ቑጡዕ ባህርይ የርእዩ
- እንስሳት ዘገዳምን በላዕቲ ሳዕሪ እንስሳትን ይፈዙ
- እንስሳ ዘገዳም ንሰባት ይቀርቡን ዝለመዱን መሲሎም ይራኣዮን

**ካብተን ዘለዋ እንስሳት ክንደይ ዝኣኽላ ተለኺፈን ይኾና?**

ሓሓሊፉ ዝረአ ኮይኑ ቀታሊ ሕማም እዩ



## ይሞታዶ?

ኲሉም ብሕማም ዕብደት ከልቢ ዝተለኸፉ እንስሳት ይሞቱ፣ ከምዚ ዓይነት ሕማም ድማ ብዝተሓተ መጠን ምሕማምን ዝላዓለ መጠን ምሟትን ይምደብ::

**ዝሓመማ እንስሳት :**

ብሰንኪ ዕብደት ከልቢ ዝወደቐትን ዝፈዘዘትን ዓርሒ



**ዝሞታ እንስሳት**

ኣብ ሕማም ዕብደት ከልቢ ፍሉይ ምልክታት ቁስሊ ኣይረኣዩን።

**እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምልክታት ኣብ ከባቢኹም እንትትሪኡ በይዛኹም ኣብ ቀረባ ንዘሎ ባዓል ሙያ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ የፍልጡ።**

## ሕማማት ብጉጅል ምልክታት ምፍታሽ



ብቦካ መሐተሚ ጉጅለ ዝተሓተሙ ካልኦት ማንዋላት:

- ንምእካብ ናሙማን ንምንፃር ሕማማት እንስሳትን ዝሕግዝ ሜዳ ማንዋል
- መግለፂ ተመሓላሐፍቲ ሕማማት እንስሳት ዝሓዘ ማንዋል
- ሕማማት ወፃኢ ዓድታት፣ ዩሰሃ፣ ሻውዓይ ሕታም
- ደሕንነት ሕርሻ: ምኽልኻል ምግብን ሕርሻን ኣሜሪካ
- ምክልኻል ራዕዲ ሕርሻ - መጣቐሲ ፅሑፍ

### ***መወዳእታ***



# ኣብ ድንበር ዘለል ሕማማት እንስሳት ዝጠመተ ብጉጅል ምልክታት መፍለዪ መስርሕ ማንዋል

## መይዳ ግልጋሎት

2ይ ሕታም









AFRICAN UNION
INTERAFRICAN BUREAU FOR ANIMAL RESOURCES

USAID
FROM THE AMERICAN PEOPLE

USDA

1785
The University of Georgia

ISBN